# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.7 ሰሉስ 8 መስከረም 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ምጭናው ኣፍን ጠንቅታቱን


ገጽ 4
ሃያሲ፡ ጸንጸያ ጥበብ


ገጽ 10
ሓበንሃገር - ስኒት ሃብተኣብ


ገጽ 11
ቅድድም ብሽክለታ ንዝኽሪ ምምስራት ቤት ትምህርቲ...



## ኣገ/ማእ/ተሃ/ ሰምበልን ጸጸራትን፡ መዛዘሚ ኣካዳሚያዊ፡ ሞያውን ስፖርታውን ንጥፈታት ኣካዪደን





ስኢሊ: ርቢል መረስዕ

ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ሰምበልን ጸጸራትን፡ መዛዘሚ ኣካዳሚያዊ፡ ሞያውን ስፖርታውን ንጥፈታት ዓመት 2025/2026፡ ብ3ን 6ን መስከረም ኣካዪደን፡፡

ኣብ'ቲ ኣዘዚ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ ብርጋዴር ጀነራል ግርማይ መሓሪ ከምኡ'ውን ሚኒስተራት ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣዘዚ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ሰምበል ኮሎኔል በረኸት ወልደሚካኤልን ኣዘዚ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ጸጸራት ሌተናል ኮሎኔል እድሪስ ዓምርን ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርትን ካልኦት መሻርኽቲ ትካላት መንግስትን ከምኡ'ውን ምስ ሃገራውያን ማሕበራትን ወልቀሰባትን ብምውህሃድ፡ ተሃደስቲ ኣካዳሚያዊ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናታትን ዝቐስሙሉ ባይታ ንምጥጣሕ ብዕቱብ ከምዝሰርሑ ገሊጾም፡፡

ርእሰ-መማህራን ናይ'ተን ኣብያተ-ትምህርቲ ብወገኖም፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ዓመት 2025/2026 ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ናይ ዝተሰላሰለ ንጥፈታት ጸብጻባት ኣቕሪቦም፡፡

ንወጽኢት ሃገራዊ መርመራታት ብዝምልከት ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብሓፈሻ 15 ናይ ሕጊ ተኣረምቲ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 2ይ ደረጃ ማለት 'ማትሪክ'፣ 26 ድማ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መሕለፊ ነጥቢ ከምዝመጽኡ ኣብሪሆም፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ካዳሚያውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ጸብለልታ ዝርኣዩ ሽልማት ክዕደሉ ከለው፡ ጉጅለታት ባህሊ መፍትሕን ቀንዴልን ናይ ሕጊ ተኣረምቲ ምርኢት ኣቕሪበን፡፡

## ስዊዘርላንድ - ዝኽሪ ባሕቲ መስከረምን 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ብድምቀት ተጸንቢሉ

ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም - መበል 65 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲን ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ብድምቀት ተጸንቢሉ፡፡

ኣብ'ቲ ካብ መላእ ስዊዘርላንድ ዝተኣኻኸቡ ኣባላት ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ሓለፍቲ ማሕበራውያን ሓይልታትን ዝተረኽብሉ ብ5 መስከረም ኣብ ጀነቫ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ስዊዘርላንድ ኣቶ እስማኢል መሓመድኑር፡ ንክልቲኡ ናይ ዝኽሪ መደባትን ትርጉሙን ዝምልከት መደረ ኣስሚዑ፡፡

ካብ ኣወሃህድቲ ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣቶ ቴድሮስ መለስ ብወገኑ፡ ንድሕረባይታ ኣመሰራርታን ኣመዓብላን ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዝምልከት መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ህዝባዊ ግንባር ብዘበርክቶ ንዋይ ዝጠመተ ራኢ፡ ኣብ ጽንኩር እዋን ዝመስረታ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ወፋያትን ሕቡናትን ኣገልገልቲ ሃገርን ዜጋታት ከምዘፍረየት ብምግላጽ፡ ዝኽርያን መበጽዓኦምን ከሐድሱ ብምብቃዖም "የቐንየልና" ኢሉ፡፡

እቲ ጽንብል፡ ንህይወት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ብዘገልጽ ስነጥበባዊ ፍርያት፡ ከም ኡ'ውን ብምርኢት ፊልምን ድራማን ዝተሰነየ ነይሩ፡፡

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ኩዌት፡ ቐጠርን ባሕሬንን ተመሳሳሊ ጽንብላት ተኻዪዱ፡፡

እቲ መደባት፡ ብመደረታት፡ ስነጥበባዊ መሰናድኦታት፡ ከም ኡ'ውን ትረኻ ማዕረ ከምዝዝበረ፡ ከካብ ቦትኡ ዝጸሓፉ ሓበሬታ ኣፍሊጦም፡፡



## ሻምብቆ - ሜላታት ምክልኻል ሕማም ዓሶ ተተግቢሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ፡ መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ብምውህሃድ ኮምን ትካላት ጥዕናን ዝተፈላለየ ንጥፈታት ተተግቢሩ፡፡

እቲ መደብ፡ ምንጻግ ጸረ-ጣንጡ መድሃኒት ኣብ ኣባይትን ጣንጡ ክራብሓሉ ዝኽእላ ቦታታትን ከምዝጠቓልል ዝጠቐሰ ሓላፊ ህዝባዊ ጥዕና ኣቶ ጉብረሂወት በየነ፡ ምንጻግ ጸረ ጣንጡ መድሃኒት ንብዩት ኣኻሊ ስለዘይኮነ፡ ካልኦት ናይ ምክልኻል ሜላታት ብምልኣት ክትግበሩ ከምዝኾኑ ገሊጹ፡፡

ንኣገዳስነት ናይ'ቲ መደብ ብምግላጽ፡ ምምሕዳራት መረዳእታ ሕብረተሰብ ኣብ ምብራኽ ከምዘለኦን ካልኦት ናይ ምክልኻል ሜላታት ብዕቱብ ንምትግባር ክሰርሑን ኣዘኻኺሩ፡፡

ነበርቲ ብወገኖም፡ እቲ ዕማም ኣካል ናይ'ቲ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ዝዓለመ ተበግሶታት ምዃኑን ኣብ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ልዑል ተራ ከምዝጻወትን ብምጥቃስ፡ መረዳእታኦም ኣብ ኣገዳስነት ናይ'ቲ መደብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበረኸ ይመጽእ ከምዘሎ ኣረዲኦም፡፡

# ናብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ዝጽንበሩ ሃበርም ተመሃሮ፡ ውጽኢቶም ክዕቅቡ ይምከሩ

ኣብ ዞባ ማእከል ልዑል ነጥቢ ብምምዝጋብ ናብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ዝጸንበሩ ሃበርም ተመሃሮ፡ ንዘረኸብዎ ውጽኢት ዓቂቦም ንዝበለጸ ውጽኢት ክሰርሑ መዘኻኸሪ ቀረቡ።

እዚ መዘኻኸሪ ዝቐረበ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባን ኣብያተ-ትምህርትን ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/26 ልዑል ነጥቢ ንዘመዝገቡ ኣባላት 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብሉጻት ተመሃሮ ንምትብባዕ ኣብ ዝተወደበ መደብ'ዩ።

ኣብ'ቲ ብ4ን 5ን መስከረም ዝተኻየደ ናይ ምሽላም ስነ-ስርዓት፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ ብደረጃ ንኡስ ዞባ 206 ተመሃሮ ኣብያተ-ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣስመራ ሓፈሻዊን ሰምበልን፣ ከምኡ'ውን ቤት-ትምህርቲ ኢሳቕ ተወልደመድህን 44፣ ቤት-ትምህርቲ ርእሲ-ዓዲ (እምባደርሆ) 37፣ ቤት-ትምህርቲ ኢብራሂም ሱልጣን ድማ 76 ተመሃሮ ሸሊመን።

ሓለፍቲ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ደቡባዊ ምዕራብ፡ ሰሜናዊ ምብራቕ፡ ሰረጀቓን ጋሽ-ነፍሒን ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ ተረኺቡ ዘሎ ውጽኢት - ፍረ ውሁድ ጻዕሪ ማሕበረሰብ ትምህርቲ ስለዝኾነ፡ ተመሃሮ ውጽኢቶም ዓቂቦም ተጊሆም ክሰርሑ ተማሕጺኖም።

ርእሰ-መምህራን ብወገኖም፡ ተመሃሮ ኣመዝጊቦሞ ዘለዉ ዓወት ናይ መውዳእታ ስለዘይኮነ፡ ኣብ ዝቕጽል ጉዕዞኦም ዕዉታት ንክኾኑ፡ ብመደብ ክምርሑን ካብ ኣሉታዊ ጽልዋ መዘና ክጥንቀቑን መኺሮም።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ ማለት 'ማትሪክ' ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ካብ ዝተሳተፉ 2,718 ተመሃሮ፡ 1,908 ናይ ዲግሪ፣ 910 ድማ ናይ ዲፕሎማ ነጥቢ ክረኽቡ ከለዉ፡ 254 ካብኦም ምሉእ 4 ነጥቢ ዘመዝገቡ ምዃኖም፡ ሰነዳት ሚኒስትሪ ትምህርቲ የርኢ።



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

# ተሰነይ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 'ማትሪክ' ልዑል ነጥቢ ዘምጽኡ ተመሃሮ ተሸሊሞም

ኣብ ከተማ ተሰነይ እትርከብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሳግም፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ 'ማትሪክ' ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ልዑል ነጥቢ ንዘምጽኡ 23 ተመሃሮኣ ኣተባቢዓ።

ብ5 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር መሓመድ-ጅምዕ መሓመድ-ዓሊ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተሸለምቲ ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘምጽኡ ምዃኖም ብምሕባር፡ ካብ ዝተፈተኑ 228 ተመሃሮ፡ 48 ናይ ዲግሪ፡ 34 ድማ ናይ ዲፕሎማ ነጥቢ ከምዝረኸቡ ገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ኣድም በሺር ብወገኑ፡ እዚ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሳግም ብውሽጣዊ ዓቕማ ዘበገሶ ናይ ምሽላም መደብ፡ ኣብ ተመሃሮ ፈጢርዎ ዘሎ ድርኺት ብቐሊል ከምዘይጥመት ጠቒሱ፡ ዓወት ዋጋ ጻዕሪ ስለዝኾነት፡ ንተሸለምቲ ራኢኦም ንምስማር ኣብ ዝቕጽል ናይ ኮለጅ ትምህርቶም ብዝበለጸ ክጽዕሩ ተላብዩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ መምህር ምናሴ ኪዳን ድማ፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ውጽኢት፡ ፍረ ውሁድ ጻዕሪ ተመሃሮ፡ ወላድን መምህርን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ተመሃሮ ካብ ኣሉታዊ ጽልዋ መዘና ክጥንቀቑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ስዩም ገብረእየሱስ፡ ንዝበረኸ ውጽኢት - ተራ መምህራንን ወለድን ብሓፈሻ ኸኣ ናይ ሕብረተሰብ ክዓዘዝ ብምዝኽኻር፡ ንዕዉታት ተመሃሮን ወለድን የውሃናኡ ገሊጹ።



## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045
**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ዓዲ-ቐይሕ - ኣብ ሕጊ ዕዮ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ከተማ ዓዲ ቐይሕ፡ ኣብ ሕጊ ዕዮ ዘተኮረ ኣስተምህሮ፡ ብ4 መስከረም ንኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ኣካላት ሕግን ስርዓትን ዝተሳተፍዎ ኣስተምህሮ፡ ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ወ/ሮ መድሃኒት ግርማይ፡ ኣብ ሪቡሓታት ጥዑይ ዝምድና ኣሰራሕን ሰራሕተኛን ከምኡ'ውን ግቡኣትን መሰላትን ሰራሕተኛ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪባ።

ካብ ኣሃዱ ጥዕና ሰድራቤትን ፍርያምነትን ኣቶ ጌቱ ሰልጠነ ብወገኑ፡ ኣፍልጦ ሰራሕተኛታት ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ መዳይ ጥዕና ንምብራኽ ስሩዕ ኣስተምህሮታት ከምዝወሃባን መርመራታት ከምዝካየድን ብምሕባር፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ካብ ምትካኽ ሽጋራ ናጻ ክኾና ንዝወጸ ኣዋጅ ብግቡእ ክተግብራ ምዒዱ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ኣብ መወዳእታ፡ ኣጉዳሲነት ምኽባር ሕጊ ንኹሉ ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ኣፍልጦኦም ኣብ ሕጊ ዕዮ ብምብራኽ ንዝበለጸ ኣገልግሎትን ዕቤትን ዓሚልን ብወሃደት ክሰርሑ ተማሕጺኑ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምጭናው ኣፍን ጠንቅታቱን

### ኣገደስቲ ነጥብታት

- ብስትንፋስና ካብ ኣፍና ዝወጽእ ሕማቕ ጨና ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ 'ሃሊቶሰስ' (Halitosis) እዩ ዝበሃል፡፡ ብዙሕ ግዜ ኣብቲ ፈለማ ደቒቕና ጸሓሕና ኣብ እንትንስኣሉ እዋን እዩ ዘጋጥመና፡፡
- እቲ ሕማቕ ሽታ ኣፍ ኣብ ዝቐጸለ ሰዓታት ናይ'ታ መዓልቲ ምስ ዘይጠፍእ/ ምስ ዘይመሓየሽ፡ ካብ ጥዕናዊ ጸገም ናይ ኣስናን ወይ ናይ ውሽጢ ኣካላት ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡
- ምምሽማሽ ወይ ምብዕኻኽ ኣስናን፡ ሕማም ግርጻን ወይ ነድሪ ሓናት መብዛሕትኡ ግዜ ልሙዳት ጠንቂ ምጭናው ኣፍ ኮይኖም እዮም ዝጥቀሱ፡፡

ሕማቕ ጨና ኣፍ ኣብ ኣፍና ዝርከቡ ባክተርያ ብዘዘፍእዎ ሕማቕ ሽታ ዘለዎ ኬሚካል እዩ ዝኽሰት፡፡ እቲ ሕማም ጨና ካብ ከስዐ ዝቕልል'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ሕማቕ ጨና ኣፍ ሰኣን ግቡእ ክንክን ንጽህና ኣስናን ዝሰዓበ ክኸውን ከም ዝኽእል'ውን ዘይምዝንጋዕ፡፡

ገለ ዓይነት ንወሰዶም መግብታት ወይ ጥዕና ዘይብሉ ዓይነት ኣመጋግባ ምዝውታር ብ'ሃሊቶሰስ' ከም እንሳቐ ይገብር እዩ፡፡

'ሃሊቶሰስ' ግዜኣዊ ወይ ሕዱር ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ብመሰረት ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ ልዕሊ 50 ሚኢታዊት ኣዋጽሕ በዚ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም'ዚ ይሳቐዩ፡፡

ምልክታት 'ሃሊቶሰስ' እንታይ እዩ፧

ብ'ሃሊቶሰስ' ትሳቐ ምስ እትኸውን እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ከተርኢ ንብር እዩ፦

- ምንቃጽ ኣፍ፡
- ምቅሷል ወይ ምሕበጥ ግርጻን፡
- ቃንዛ ስኒ፡
- ጸረርታ ኣፍንጫ፡፡

### ጠንቅታት 'ሃሊቶሰስ'

ግቡእ ጽሬትን ክንክንን ኣስናን ዘይምክታል

ኣብ ኣፍና ዝርከቡ ባክተርያ፡ ነቲ ኣብ ኣስናንና ተቐርቂሩ ዝተርፍ ተረፍ መግቢ የዳቐቕዎ እዮም፡፡ ኣብ ከምዚ ኩነት እቲ ዝተዳቐቐ መግቢ ምስ ግዜ ይምሽምሽ እሞ ምስቲ ባክተርያ ተሓዋዊሱ ሕማቕ ጨና ኣፍ ይፈጥር፡፡ ቀጻሊ፡ ብፍላይ ድሕሪ ምምጋብ ኣፍኻን ኣስናንካን ብግቡእ ምጽራይ፡ እቲ ተረፍ መግቢ ቅድሚ ምምሽማሹ ካብ ኣፍን ኣስናንን ከም ዝወጽእ ስለ ዝኸውን፡ ካብ ከምዚ ዓይነት ጸገም'ዚ ክንከላኸል ንኽእል፡፡

ኣስናን ምምዋጽ፡ ኣብኡ ክልጠፍ ዝኽእል ብዕኽ ክእለ ይገብር እዩ፡፡ ብዕኽ ምምሽማሽ ኣስናንን ካልእ ጥዕናዊ ጸገም ኣስናንን ስለ ዝፈጥር፡ ጠንቂ ምጭናው ኣፍ ኮይኑ እዩ ዝጥቀስ፡፡ ምምሽማሽ ኣስናን ቀንዲ መራብሒ ባክተርያ ኣፍ ምኻኑ'ውን ዘይምዝንጋዕ፡፡

ሰብ ስርሖ ደርጊ ስኒ ምጥቃም ንዝዕሉ፡ ኣብ ኻፍ፡ ወከፍ ምሸት ብምጽራይ ብግቡእ ክንክን ምስ ዘይተሓዘ ሕማቕ ጨና ኣፍ ማለት 'ሃሊቶሰስ' ክፈጥር ይኽእል እዩ፡፡

ብርቱዕ ጨና ዘለዎ መግብታት ምምጋብ ሽጉርቲ ወይ ጻዕዳ ሽጉርቲ ወይ'ውን ከምኡ ዝኣመሰሉ ብርቱዕ ጨና ዘለዎም መግብታት ምምጋብ፡ ከስዐ መግቢ ኣብ ዝሕቅቐሉ እዋን፡ ነቲ ቅብኣዊ ጨና ዘለዎ ትሕዝቶኦም መጸዩ ብምትራፍ ምስ ዑደት ደም ከም ዝሕወስ ይገብሮም፡፡ እቲ ኣብ ደም ዝተሓወሰ ጨና ናብ ሳንቡእ ምስ ተሓወሰ ብመንገዲ እስትንፋስ ንደገ ስለ ዝወጽእ ሕማቕ ጨና ይፈጥር፡፡

እዚ በዞም መግብታት'ዚኦም ዝፍጠር ጨና ኣብ እስትንፋስ ክሳብ 72 ሰዓታት ክጸንሕ ይኽእል፡፡

ብርቱዕ ጨና ዘለዎም ከም በን ዝኣመሰሉ ፈሳሲ'ውን ጨና ናይ ኣፍ ይፈጥሩ እዮም፡፡

### ምትካኽ

ኣትካኺ ሽጋራን ተጠቃሚ ኣወሰፍቲ ቀመማትን ምኳን ሓደ ካብቲ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ጠንቂ 'ሃሊቶሰስ' እዩ፡፡ እዞም ዓይነት ቀመማት'ዚኦም ብብዝሒ ኣብ እንወስዶም እዋን ምድራቕ ኣፍ ስለ ዝፈጥሩ እቲ ጨና ኣፍ መሊሱ ከም ዝገድድ ይገብሩ፡፡

### ምንቃጽ ኣፍ

ሰብነትና እኹል ምራቕ ክፈጥር ምስ ዘይክእል ምድራቕ ኣፍ ኪጋጥም ንብር እዩ፡፡ ምራቕ ኣፍና ብምጥሻል ኣብኡ ዝፍጠር ጨና ኣብ ምጉዳል ልዑል ግደ እዩ ዘለዎ፡፡

ጸገም ምራቕ ዘንጠዕ ጻኪ (salivary gland) ምስ ዝህልወና ምድራቕ ኣፍ ኪጋጥመና ንብር እዩ፡፡ ኣፍኻ ከፊትካ ምድቃስ ከምኡ'ውን ከም ንጽቐጢ ደምን ጸገም ሽንትን ተባሂሎም ዝወሰዱ ዓይነት መድሃኒታት ንዕኦም ጠንቂ ምድራቕ ኣፍ ኮይኖም ይጥቀሱ እዮም፡፡

### ምብዕኻኽ ኣስናን

ምብዕኻኽ ኣስናን ወይ ሕማም ግርጻን፡ ብኣግኡ ክፍወስ ምስ ዘይክእል ምስ ግዜ ብቐሊሉ ክትኣልዮ ዘይትኽእል ሕማቕ ጨና ኣፍ እዩ ዝፈጥር፡፡

ምብዕኻኽ ኣስናን ምስ ግዜ ተደርዲሩ ናብ ደኸት ኣስናን ስለ ዝቕየር፡ መዋጽኣ ብቐሊሉ ክትኣልዮ ኣይትኽእልን፡፡ ንኽትኣልዮ ትፈጥሮ ጻዕሪ ንባዕሉ፡ ጻዕሪ ስለ ዝሓትት ኣብ ግርጻንካ ጉድኣት ከም እትፈጥር እዩ ዝገብር፡፡

እቲ ደኸት ንባዕሉ ኣብ መንጎ ሰንን ግርጻንን ፈኛኽ ስለ ዝፈጥር መእከቢ ተረፍ መግብን ባክተርያን ብምኳን ብርቱዕ ጨና ኣፍ ክፍጠር ማዕከሲ እዩ ዝኸውን፡፡

### ምብዕኻኽ ሰኒን ጥዕናዊ ጸገማቱን

ገለ ሰባት ኣብ ተገዳስነት ጽሬት ኣፍ ኣፍልጦ ስለ ዝኸደሎም ወይ እናፈለጡ ሸለል ስለ ዝብሉ ተጠቂዖቲ ሕማም ኣስናንን ግርጻንን ይኾኑ፡፡ ዝኾነ መግቢ ምስ እንወስድ ኣስናንና ካብ ተረፍ መረፍ መግቢ ክሕዝ/ ክቕርቅር ግድን እዩ፡፡ እዚ ተረፍ መረፍ ናይ መግቢ ቀልጢፍና ኣስናንና ብምሕጻብ ምስ ዘይንኣልዮ ምስ ግዜ ረቂቕ ቀጻላ ናይ ምብዕኻኽ ይፈጥር፡፡ እዚ ቀጻላ ብባክተርያ፡ ምራቕን



መርዝም ባእታን ዝተሰርሐ ስለ ዝኾነ፡ ኣዝዩ ሓደገኛን ቀንዲ ጠንቂ ምብስባስ ኣስናንን ይኸውን፡፡

እቲ ካብ ተረፍ መግቢ ኣብ ኣስናንና ተቐርቂሩ ዝፍጠር ቀጻላ ምስ ግዜ እናተረረ እዩ ዝኸይድ፡፡ ኣብ መንጎ ኣስናንን ግርጻንን ተሰኺዑ ድማ ብጭኑው ዝበለ ሕብሪ ዘለዎ ብዕኻኽ ይፈጥር፡፡ እዚ ጸገም 'ዚ ጸጸር ስኒ (calculus) ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ፡፡ ጉድለት ጽሬት ኣፍ ድማ የመልክት፡፡

ኣብ ልዕሊ ኣስናንና ግቡእ ክንክን ዋላ ንግበር፡ ኣብ ኣፍና ባክተርያ ክህሉ ግድን እዩ፡፡ እዚ ባክተርያዚ ምስ ፕሮቲንን ተረፍ መረፍ ናይ ገለ መግብታትን ተሓዊሱ ኣብ ልዕሊ ኣስናንና ዝልጠፍ ረቂቕ ሽፋኑ፡ ቀልጢፍና መዊጽና ምስ ዘይንእልዶ ክሳብ ግርጻንና እናሸፈነን እናተደረወን ስለ ዝኸይድ ኣብ ልዕሊ 'ኢናመል' ናይ ስኒ ከቢድ ዕንወት ከውርድ ይጀምር፡፡ ንመትንታት ናይ ግርጻን ክሰድኦ ከም ዝኽእል'ውን ኣይዝንጋዕ፡፡

ብዕኻኽ ስኒ ኣብ ልዕሊን ትሕትን መስመር ናይ ግርጻን ክፍጠር ይኽእል፡፡

### ብኸመይ ብዕኻኽ ንግርጻንን ኣስናንን ይሃሲ፧

ኣስናንና ምስ ዝብዕኽኽ ንኽነጽርዮ ኣዝዩ'ዩ ኣሸጋሪ ዝኸውን፡፡ ግቡእ ጽሬት ናይ ኣስናን ክትሕሉ ስለ ዘየኽእለካ፡ እቲ ስኒ ንኽምሽምሽ ዝተቓልዐ ይኸውን፡፡ ልዕሊ መስመር ግርጻን ዝፍጠር ብዕኻኽ ኣስናን ኣዝዩ ጉዱእ እዩ፡፡ ምኽንያቱ፡ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ባክተርያ ንግርጻን ብቐሊሉ እናፋሕፍሐ የዕንዎ፡፡ ምስ ግዜ ድማ ናብ ከቢድ ናይ ግርጻን ሕማም የቃልዕና፡፡ ነድሪ ግርጻን (gingivitis) ሓደ ካብ ብምብዕኻኽ ኣስናን ዝስዕብ ሕማም እዩ፡፡ ቀልጢፍና ክንፍወሶ ምስ ዘይንኽእል ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ኣካላትና ኩዳኽም ናብ ዝኽእል ዝበኣሰ ጥዕናዊ ጸገም ክንቃላዕ ንግደድ፡፡

### ጸገም ሶርና ኣፍንጫ፡ ኣፍ ወይ ጎረሮ

- ረኽሲ ሶርና ኣፍንጫ፡
- ሕዱር ሕማም 'ብሮንካይት'
- ከምኡ'ውን ረኽሲ ኣብ ላዕለዋይ ወይ ታሕተዋይ ስርዓተ እስትንፋስ ምስ ዝህልወና እስትንፋስና ጨናዊ ክኸውን ንብር እዩ፡፡

ረኽሲ ሓናት ንባዕሉ ሕማቕ ጨና ኣፍ ይፈጥር እዩ፡፡

### ሕማቕ ጨና ኣፍ ዝፈጥሩ ጥዕናዊ ጸገማት

ብእስትንፋስ ክፍጠር ዝኽእል ዘይንብሩ ጨና በዞም ዝስዕቡ ጥዕናዊ ጸገማት ክፍጠር ይኽእል እዩ፦

- ሕማም ወይ ምፍሻል ኩሊት፡
- ሕማም ወይ ምፍሻል ጸላም ኩበድ፡
- ሕማም ሽኮር፡
- ሰእኑት ድቃስ፡
- ጸገም ምሕቃቕ መግቢ ወይ መንፋሕቲ ከስዐ፡
- ኣሲድ ከስዐ ናብ ሻሕለለ ምድያብ ወዘተ፡፡

### ሓልኪታት 'ሃሊቶሰስ'

'ሃሊቶሰስ' ምስ ሰባት ዝህልወና ምቅርራብ ስለ ዝጸሉ፡ ኣብ ጭንቀትን ወጥርን እዩ ዘእቱ፡፡ ኣብ ከምዚ ኩነት ምስ ሰባት ክትዘራረብ እንከለኻ ኑቲ ሕማቕ ጨና ንምዕጋት ብኢድካ ኣፍኻ ምሽፋን ወይ ማስክ ምጥቃም ዝኣመሰሉ ኣገባባት ክትጥቀም ትግደድ፡፡

'ሃሊቶሰስ' ዘለዎ ሰብ ኑቲ ዝፈጥረሉ ሓልኪታት ንምእላይ ብኣግኡ ምስ ሓኪም ስኒ ክመያየጥ ከም ዘለዎ እዩ ዝምከር፡፡

ካብ 'ሃሊቶሰስ' ብምንታይ ንከላኸሎ፧

ካብ 'ሃሊቶሰስ' ንምንጋፍ ክኢላታት ሕክምና ስኒ ዝም ዝስዕቡ ምኽርታት ይልግሱ፦

- ኣፍና ክሳብ 2 ደቂቕ ዝኣክል ኣብ መዓልቲ ክልተ ሳዕ ክንምውጾ ይግባእ፡፡ ኣብ እንምውጸሉ እዋን ንኹሉ ጎድንታት ናይ ኣስናንና እንተላይ ውሽጣዊ ክፋሉ፡ ንምውጾ ከም ዘለና ነረጋግጽ፡፡
- ንመሕጸቢ ኣስናንና ኣብ እንጥቀመሉ ዓይነት ሳሙና ስኒ (ክልጌት) ግቡእ ኣፍልጦ ይሃልወና፡፡ እቲ ሳሙና ስኒ 'ፍሎራይድ' ዘለዎ ምስ ዝኸውን ይምረጽ፡፡ 'ፍሎራይድ' ኣብ 'ኢናመል' (ቀጻላ ናይ ስኒ) ክወርድ ንዝኽእል መጉዳእቲ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣለዎ፡፡
- መግቢ ኣብ ዝወሰድናሉ እዋን ኣፍና ብግቡእ ክንገጸጉጾ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ኣይዝንጋዕ፡፡
- ኣብ እንወስዶ ዓይነት መግቢ ግቡእ ኣደህቦ ይሃልወና፡፡ ባክተርያ ኣብ ኣፍና ኣብ ሽኮራዊ መግብታት ዝያዳ ይዕቀቡን ይፋረዩን፡፡ ዝም መግብታት ክርኽቡ እንከለው፡ ተጓዳኢ ኣሲድ ብዘለዓለ ዓቐን የንዝዐ፡፡ ስለዚ፡ ብዘተኻእለ መጠን ንወስዶ ሽኮራዊ መግብታት ክንጉድሎ ይግባእ፡፡
- ኣትከኽቲ ሽጋራ ምስ እንኸውን ምትካኽ ክነቋርጽ ይግብኣና፡፡ ሽጋራ ዘትክኹ ሰባት ብ'ሃሊቶሰስ' ከምኡ'ውን ብምብዕኻኽ ስኒ ብቐሊሉ ዝተጠቅዑ እዮም፡፡

ምንጪ፦ health line



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳለ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፌ |
| 10:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:05 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መሬትን ማይ ኣካብ |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 14:20 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳለ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራትኣብስትደዮ (ድግማ) |
| 18:25 | ጨፈራ ጥዕና |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳዘዮም |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ሃያሲ፡ ጽንጽያ ጥበብ



ኣብ ልዕሊ ናይ ህዩሳ ስራሓት ዘለና ጽልኢ ርኡይ እዩ። ካብቲ ትሑት ዝደረጃኡ ስራሓት ኣብ ልዕሊ ምዕባለ ስነ-ጥበብ ዘውርዶ ሃሲያ ንላዕሊ፡ ህዩሳ ኣብ ልዕሊ ስነ-ጥበበኛታት ዘውርዶ ሞራላዊ ጽልዋ የሕምመና። 'ስነ-ጥበበኛታት ካብ ዝትንከፉ እቲ ጥበብ ዘበሃል ወላ ሓፍ ከይበለ ዘይተርፍ' ንብል ዘለና ንመስል። ከም ውጽኢቱ፡ ናይቶም ማእለያ ዘይብሎም ቀጻሊ ዝፈርዩ ዘለዉ ንኣሽቱ ስራሓት ጥበብናስ ይትረፍ፡ ናይቶም ዝዓበዩ ስራሓትና ጥበባዊ ደረጃ ብንጹር ኣይንፈልጥን። ሓያስቲ ወለዶ ጸሓፍትና፡ ብሉጻትነት ናይቶም ክነኣዱ ዝሰምዑዎም ስራሓት ኣብ ምንታይ ምኳኑን ጉድለታቶም እንታይ ምኳኑን ስለ ዘይፈልጡ፡ ኩዓልውዎ ንዝሕልኑ ዕዮ ጥበብ ኣብኪታት ኣይረኸብሉን። ንጥበብና፡ እንታይ ብምውጋድን እንታይ ብምውሳድን ከማዕብሉዎ ከም ዝኽእሉ ክፈልጡስ ይትረፍ፡ ጥበብና እንታይ ባህሪ ከም ዘሎዎ'ውን ኣይነጸረን ዘሎ።

እዚ ጸገም'ዚ፡ ካብ ዝሕታለ ህዩሳ ዝቕለ'ዩ። ገምጋማትና፡ ኣብቲ ዝቐርቡሉ ውሑድ ግዜያት፡ ክንዲ ጎቦ ዝኾኑ ጌጋታት ኣብ ዝሓዙ ስራሓት፡ ክንዲ ጸጸር ንዝኾኑ ብልጫታት ሃሰው ኢሎም ብምርካቡ፡ ዘውድሱን ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ትንታነ ዘየተኩሩን ስለ ዝኾኑ፡ ሓያስቲ ወለዶ ጸሓፍቲ ካብቶም ድሮ ፈርዮም ዘለዉ ዕዮታት እንታይ ከም ዝመሃሩ ኣይንጽረሎምን።

ምንቃፍ ብሓፈሻ፡ ኣገዳሲ ቅድመ-ኩነት ንዕብየት ምኳኑ ኣየጠራጥርን። ኩሎም ዓውድታት ፍልጠት፡ ብርእይቶታት ናይ ተቓወምቶም'ዮም ጌጋታቶም ኣለልዮም ናብ ዝሓሸ መስመር ዝምለሱ። ነቓፊ፡ ንሕብረተሰብ ብሓፈሻ ዘሎዎ ጥቕሚ፡ ኣብቲ ሶቕራጦስ ብኣቴናውያን ንመእሰያት ኣቴንስ ጸዩቐካ ተባሂሉ ኣብ ፍርዲ ምስ ቀረበ ቅንዕና ሞያኡ ንምርግጋጽ ዘቕረቦ ኣፖሎጂ ተባሂሉ ዝተሰነደ፡ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ዓመት ዘቑጸረ መልሲ ነጺሩ ንረኽቦ። ንህዝቢ ኣቴንስ ካብ ድንቁርና ንምድሓን ብኣምላኽ ከም ዝተላእከ ዝኣምን ዝነበረ ሶቕራጦስ፡ ከምዚ ብምባል'ዩ ነቶም ንነቐፌታቱ ምጽዋር ስኢኖም ናብ ፍርዲ ዘቕረቡዎን ኣብ መወዳእታ ንሞት ዝፈረዱዎን ኣቴናውያን ኣገዳስነት ነቐፌታ ዝገለጸሎም፦

". . . ኣነ ናብዛ ክፍለ-ሃገር (state) ብፈጣሪ ዝተለኣኽኩ ጽንጽያ እየ። እዛ ክፍለ-ሃገር ከኣ ከም ሓደ ብሰንኪ ግዝፉ፡ ብዝግባእ ክንቀሳቐስ ዝጸግሞ፡ ጸጸኒሑ ዘበራብር ኣካል ዘድልዮ ፈረስ እያ። ኣነ፡ ብቐጻሊ ነዛ ክፍለ-ሃገር እዚኣ ካብ ድቃስ ንኸበራብር ተባሂለ ዝተላኣኽኩ ጽንጽያ እየ። ከማይ ኮይኑ ዘገልግለኩም ክትረኽቡ ስለ ዘይኮንኩም፡ ክትምሕሩኒ'ዩ ዝሓይሸ። ክትድቅሱ ኣብ ዝተቐረብኩምሉ ሃንደበት ዝኸሰኩም ምኳነይ ከም ትጸልኡዎ እፈልጥ'የ። ከምቲ ኣኒተስ ዝበሎ ዘሎ፡ ንዓይ ሓንሳብ ወቒዕኩም ብምቕታል ክትድቅሱ ትሓስቡ ትኾኑ። ከምኡ ምስ እትገብሩ ግን ኣምላኽ ካልእ ጽንጽያ ክሳብ ዘይሰደደልኩም ንሓዋሩ ኣይክትበራበሩን ኢኹም።". . .

ነቐፍቲ፡ እንተስ ብፈጣሪ ተላኢኾም እንተስ ብኻልእ፡ ሕብረተሰባት ኣብ ጥበባቶም ይኹኑ ካልኦት ዕዮታቶም ደስኪሎም ከይተርፉ ዝሕግዙ ኣበራብርቲ ምኳኖም ንጹር ኮይኑ፡ ህዩሳን ስነ-ጥበብን ብፍሉይ ዘተኣሳስሮም ምኽንያት ግን ኣሎ። ጥበባዊ ዛንታ ብመሰረቱ ንሕብረተሰብ ወይ ንውሱናት ኣካላቱ ምስሎም ከተርእዮም ዝግበር ዕዮ እዩ። ኣዘንታዊ፡ 'ቅድሚ ሕጂ ዘይኣስተውዓልኩምሉ መዳይ ህይወትኩም እነሀለ' ንምባል'ዩ ስርሑ ዘቕርብ። ነዚ ንምግባር፡ ኣብ ውሽጡ ኣዕሚቑ ብምጥሓል፡ ካብ ተመክሮ ህይወቱ ኣድማሳውያን ሓቅታት ክረክብ ይፍትን። እቲ ዘቕረቦ ስራሕ፡ ብመንጽር ተመክሮና ኣንቢብና ኣብ ውሽጥና ሓቅነት ምስ ዘይንረኽበሉ፡ ንጸሓፊ ውሽጥና ኣብ ውሽጡ ከም ዘይረኸቦ ንነግሮ። ጸሓፊ ተመክሮና ብግቡእ ክገልጽ ምስ ዝኽእል ከኣ፡ ብተመሳሳሊ። እዚ ሓቂ'ዚ፡ ህዩሳ እቲ ካልኣይ ገጽ ናይ ድርሰት ምኳኑ የነጽር።

ጸሓፊ፡ ብግዜን ቦታን ናይ ዝረሓቑዎ ኣንበብቲ ልብታት ንኽረክብ ሓሊኑ ስለ ዝጽሕፍ፡ ዕላማኡ ሃሪሙዶ ኣይሃረመን ዘረጋግጽ ብርእይቶታት ኣንበብቲ'ዩ። ጥበባዊ ዛንታ ልብታት ሰባት ንምርካብ ተባሂሉ ስለ ዝጸሓፍ፡ ኣብ መሸገራገር ልብታት ሰባት ሰፊር ምስ ዝረክብ እምበር፡ ኣብ ኩብሕታት ምስ ዝቕመጥ ኣይኮነን ናብ ማዕልቦኡ በጺሑ ዝበሃል። ህዩሳ ከኣ፡ ሰባት፡ ሓደ ጥበባዊ ስራሕ ማዕረ ክንደይ ልቦም ከም ዝረኸቦም ወይ ከኣ ማዕረ ክንደይ ልቦም ካብ ምርካብ ከም ዝሃጸጸ ዝሕብሩሉ ኣገባብ'ዩ። ንሓንቲ ግጥሚ ክልተ ገጠምቲ (እቲ ዝጸሓፋን እቲ ኣብ ውሽጡ ረኺቡ ህይወት ዝሃባን) እዮም ዝጽሕፉዋ ዝተባህለ ነዚ ተመሳሳእነት ጽሑፍን ንባብን ኣብ ጥበባዊ ስራሕ ንምንጻር'ዩ። እቲ ጸሓፊ ብርዑ ምስ ገጻት ወረቐት ምስ ኣራኸበ ዝፍልም ጉዕዞ ጥበባዊ ስራሕ፡ ጸሓፊ ብርዑ ምስ ኣቐመጠ ዘይኮነስ፡ ኣንባቢ ነቲ ስራሕ ኣስተማቒሩ ምስ ወደአ'ዩ ዝዛዘም።

ኣንባቢ ልቡን ኣእምሮኡን ከፊቱ ኣብ ዘንበቦ ጥበባዊ ስራሕ፡ ብሉጽነትን ጌጋታትን ክረክብ ይኽእል። እቶም ህዩሳ እንጸልእ፡ 'ኣንባቢ ልቡ ከፊቱ ነቲ ጸሓፊ ዝገልጸሉ ዓለም ክፍቅር እምበር ኣእምሮኡ ጉድለታት ንምርኣይ ክንቅሖ ኣይግባእን' እንብል ኣይመስለናን። ጉድለታት ኣብ ዘሎዎ ጥበባዊ ስራሕ ጉድለታት ምርካቡ ዘይተርፍ ኣካል ትኩር ምንባብ'ዩ።

እቲ ዘዛርብ፡ ኣንባቢ ትዕዝብትታቱ ኣብ ህዝባዊ መድረኻት ምቕራብን ዘይምቕራብን ዝምልከት'ዩ። ኣንባቢ፡ ሓደ ጥበባዊ ስራሕ ኣብ ምስትምቓር ዝገጠሙዎ ጉድለታት ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ከቃልዖም ይግባእዶ፧ እዩ እቲ ሕቶ። ነዚ ሕቶ'ዚ ኣሉታዊ መልሲ ዝሀቡሉ ሰባት፡ ኣሉታዊ ገምጋም ዝገብር ህዩሳ፡ ንጥበበኛታት ሞራሎም ተንኪፉ፡ ኣበርክቶኦም ከም ዘጉድል ክገብር ከም ዝኽእል ዝኣምኑ ኮይኖም ይስመዓኒ። ኣድላይነት ንስነ-ጥበብ ዝምልከት ህዩሳ፡ ኣብ ልዕሊ ስነ-ጥበብ ብዘምጽኦ ሳዕቤን ጥራይ ክምዘን ስለ ዘሎዎ፡ ዝኾነ ካልእ ምኽንያት ቀቡል ክኸውን ዝኽእል ኣይመስለንን። ስነ-ጥበበኛታት ብዛዕባ ህዩሳ ክህልዎም ዝግባእ ኣረኣእያ፡ ጸሓፊ ሄሚንግወይ ኣብ ዝጸሓፎ ጥበባዊ ዛንታ ብዝግባእ ተመልኪቱ ንረኽቦ። ብመሰረቱ፡ ኣንባቢ ግዜኡ ወፍዩ፡ ብቐረባ ኣንቢቡ ነቐፌታኡ ዘቕርበሎም፡ እቶም ዋጋ ዝሃቦም ስራሓት ምኳኖም ፍሉጥ ኮይኑ፡ ሞያኡ ዘኽብር ስነ-ጥበበኛ ብግዝኣ ተበግሶኡ ርእይቶታት ኣንበብቲ ሃሰው ዝብል'ዩ።

ኣመሪካዊ ጸሓፊ ኢርኔስት ሀሚንግወይ፡ ኣብታ "ዘ ኦልድ ማን ኤንድ ዘ ሲ" ዝርእስታ ልበ-ወለዳዊት መጽሓፉ፡ ጥበባዊ ስራሕ ንምፍጣርን ህዩሳዊ መጥቃዕትታት ንምጽዋርን ዝግበር ጻዕሪ ጸሓፊ፡ ብውክላዊ (symbolic) ኣገባብ ኣቕሪቡ'ሎ። ኣብቲ መጽሓፍ፡ ናይ ሓደ ንዊሕ እዋን ብሉጽ ጃላቢ ዝብል ኩብሪ ዝረኸበ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ግን ዝኾነ ዓሳ ምሓዝ ዝጸገሞ ሳንትያጎ ናይ ዝተባህለ ሰብ ዛንታ ንረክብ። ኣብታ'ቲ ዛንታ ዝጅምረላ ዕለት፡ ሳንትያጎ፡ ዓሳ ንምሓዝ ኣንቂዱ ይበገስ፣ ናብ ውሽጢ ባሕሪ ኣዕሚቑ ብምጕዓዝ ካብቲ ካልኦት ጃለብቲ ዝጥፍሉ ቦታ ኣዝዩ ይርሕቕ'ሞ፡ ውጽኢት ዓቕሉን ጻዕሩን ሓደ ዓቢ ዓሳ ክሕዝ ይኽእል። ኣዝዩ ዓቢ ዓሳ ስለ ዝኾነ፡ ናብ ገምገም ንኸውጽኦ ምሒር ይቃለሶ፣ ኣብ ርእሲ'ቲ ንሓይሊ ናይቲ ናጻ ክኸይድ ዝቃለስ ዓሳ ብምምካን ዓዲ ንምእታው ዝገበር ቅልስ ክበልዖዎ ናይ ዝፍትኑ ዓሳታት ፈተነታት ንምብርዓን'ውን ተወሳኺ ስራሕ ይኾኖ።

ዝከኣሎ'ኳ እንተ ጻዓረ፡ ኑቲ ዝሓዞ ዓሳ ብኻልኦት ዓሳታት ካብ ምብላዕ ኣየድሕኖን። ምስ ባሕርን ዓሳታትን ክቃለስ ሓዲሩ ዓዲ ምስ ኣተወ፡ እቲ ዝሓዞ ዓሳ ተላሒጹ ዓጽሙ ጥራይ ከም ዝተርፈ ይርኤ። ካብቶም ናይዚ ዛንታ ቀጸላታት ትርጉም ሓደ ንህዩሳ ዝምልከት'ዩ። ኣብዚ ዛንታ'ዚ፡ እቲ ኣብ ዓሚቕ ክፋል ባሕሪ ተረኺቡ ምስ ጃልባ ተኣሲሩ ዝወጸእ ዓቢ ዓሳ፡ ትእምርቲ (symbol) ናይ ጥበባዊ ስራሕ'ዩ። እቲ ሱብኣይ ነዚ ዓሳ ናብ ገምገም ንምውጻእ ዝገብሮ ቅልስ ኑቲ ጸሓፊ ጥበባዊ ስርሑ ውዱእ ንምግባር ዝሓልፎ ጻዕሪ ይውክል። እቶም ኑቲ ዓቢ ዓሳ ክመናጨቱሉ ዝሓድሩ ዓሳታት ከኣ ብዘይዳ ንሃያስቲ፡ ብሓፈሻ ከኣ ንኹሎም ደራሲ ስርሑ ውዱእ ንምግባር ዝሓልፎም መሰናኽላት ይውክሉ።

ዓቢ ጥበባዊ ስራሕ ንምርካብ ዘንቀደ ጸሓፊ፡ ካብቲ ንኣሽቱ ዓሳታት ዝርከቡሉ ገምገም ኣርሒቑ ከም ዝኸይድን ዝያዳ'ቶም ንኣሽቱ ዓሳታት ዝሕዙ ጻዕርን ዓቕልን ከም ዝሕተትን ብተምሳሌት ይግለጽ።

ኣብቲ ዛንታ፡ ሀሚንግወይ ዘኽብሮምን ዘየኽብሮምን ዓይነታት ሃያስቲ ከም ዘለዉ ንርዳእ። ኑቲ ዓቢ ዓሳ ዝተፈላለዩ ዓሳታት ከጥቅዑዎ'ኳ እንተ ፈተኑ፡ ክሳዕ'ታ ሓደ ግሩምን ሓያልን ዓሳ ዘጥቀየ ግዜ ክዕውቱሉ ኣይእክእሉን። ቡቲ ዓቢ ዓሳ ጉድኣት ምስ ወረዶ ግን ብዙሓት ደም ሽቲቶም ዝመጹ ንኣሽቱ ዓሳታት፡ ድኻሙ መዝሚዚም ክሳዕ ዝውዳእ ክልሕጹዎ ይሓድሩ።

እቲ ቀዳማይ ጉድኣት ዘውረደሉ ዓሳ፡ ብዓቢ ግርማኡን ሓይሉን ምስቲ ዝተታሕዘ ዓሳ ከም ዝዳረግ ይግለጽ'ዩ። እቶም ድሒሮም ዝስዕቡ ዓሳታት ግን፡ ኑቲ ዓቢ ዓሳ ከይተጎድኤ እንከሎ ክቐርቡዎ ዓቕሚ ዘይብሎም፡ ድኻሙ መዝሚዚም ዝመናጨቱሉ ንኣሽቱ ዓሳታት እዮም።

እዚ ፍልልይ፡ ኑቲ ብኣረኣእያ ሄሚንግወይ፡ ኣብ መንነ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሃያስቲ ዘሎ ፍልልይ ንምንጻር ቀረቡ። ብናይ ቅጅለትን ምጉትን ዓቕሙ ምስ ጸሓፊ ዝዳረግ ሃያሲ ጥራይ እዩ ንሓደ ጥበባዊ ስራሕ ካብ ክብሪ ወይ ከኣ ካብ ክብሪ ጉድኣት ከውርደሉ ዝኽእል። ዝበዝሑ ሃያስቲ ኣብ ናይ ዓቢ ጸሓፊ ደረጃ ርእየት ደዩቦም ስርሑ ክግምግሙ ዓቕሚ ስለ ዘሓጽሮም፡ ናብቲ በሪኹ ዝሰፈረ ስራሑ ዝድርብዩዎም ኣእማን ዕላማኦም ከይወቕዑ'ዮም ዝምለሱ። ከም ሼክስፒር ዝኣመሰሉ፡ ኣብ ዓለመ-ጥበብ በሪኽ ቦታ ዝሓዙ ስነ-ጥበበኛ፡ ጥበባዊ ደረጃኦም ዘጽረ፡ ብዓበይቲ ሃያስቲ ድሕሪ ዝተዋህቦም ኣኽብሪ ገምጋም'ዩ።

ዝኾነ ወለዶ፡ ከምቲ ድምጹ ሰሚዑ ንመጸእቲ ወለዶታት ምስሉ ዘመሓላልፍ ጸሓፊ ዘድልዮ፡ ነቶም ዓበይቲ ናይ ጥበብ ስራሓት ብመንጽር ኩብርታቱ ኣንቢቡ ምስ ህሉው ዝኸይድ ትርጉም ክረኽበሎም ዝሕግዝ ሃያሲ'ውን የድልዮ እዩ። ሼክስፒር እንተ ተላዒሉ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ድሕሪኡ ዝመጹ ወለዶታት ትርጉምን ብሉጽነትን ስራሑ ንምንጻር ዝሓገዙ ከም ሳሙኤል ጆንሰንን ተይለር ኮለሪጅን ዝኣመሰሉ ኣንበብቲ ስራሓቱ'ውን ስዒቦሞ ይዝከሩ።

እቲ ብግርማኡ ምስቲ ዓቢ ዝተታሕዘ ዓሳ ዝዳረግ ቀዳማይ ውጽኢታዊ መጥቃዕቲ ዝፈጸመ ዓሳ፡ ነዞም ዓበይቲ ሃያስቲ'ዩ ዝውክል። ሀሚንግወይ ነዚ ዓቢ ዓሳ ግርማን ሓይልን ከም ዘሎዎ ገይሩ ዝገለጾ፡ ኣብ ልዕሊ ሓያላት ሃያስቲ ዝነበሮ ክብሪ ንምርኣይ እዩ። ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝጽሕፎም ዝነበረ ኖቨላትን ሓጸርቲ ዛንታታትን ዘወሃብ ዝነበረ ብሉጽ ህዩሳታት፡ ወላ ኣሉታውያን ኣብ ዝኾኑሉ፡ ከም ናይቲ ቀዳማይ ኑቲ ዓቢ ዓሳ ጉድኣት ዘብጽሐ ተጻዩ፡ ክድነቑ ከም ዝግባእ'ዩ ተኣሚኑ።

ነዛ ሽልማት ፑሊቲዛር ዘዐወተቶን ኣብ 1954 ብስነ-ጽሑፍ ሽልማት ኖቤል ኣብ ምጉንጻፉ ልዑል ተራ ከም ዝነበራ ብኸሚት ናይቲ ሽልማት ዝተጠቕሰትን መጽሓፉ ቅድሚ ምጽሓፉ፡ ሄሚንግወይ፡ ብኸቢድ ዝተነቕፈት 'ኣክሮስ ዘ ሪቨር ኤንድ ኢንቱ ዘ ትሪስ' ዝርእስታ ኖቨል ጽሒፉ ነበረ። ኣብዛ ዕውትቲ ስርሑ ከኣ፡ ነቶም ብሓያል ህዩሳ ንዝወደቐሎም ናይ ጥበብ ስራሕ ክሳብ ዕርቃኑ ዘወጽእ ክልሕጹዎ ባህ ዝበሎም ንኣሽቱ ሃያስቲ'ኳ ብጥበባዊ ኣገባብ እንተ ወቐሰ፡ ኣገዳስነት ህዩሳ ከየመልከተ ኣይተረፈን።

ናብ 8ይ ገጽ ይቕጽል

ሸባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ነገረ ዕርክነት

ስምኦን ወልደሚካኤል

ዓርከይ፡ መሓዛይ፡ ፍቕረይ ዝብላ ቃላት ብመንእሰያት ዝያዳ ካልእ ዝጥቀሳን ንመንእሰያት ዝገድሳን ቅዱሳት ቃላት እየን። እዘን ቅዱሳት ቃላት እዚኣን ኣብ ርእሲ ቅኑዓት ሰባት እንተ ተሰቒለን ቅዱስ ፍረ ይፈርያ፣ ተጋጊና ንዘይበቕዐን ሰባት እንተ ሂብናየን ከኣ ርኹስ ፍረ የውድቓ። ዘጸብቐልና ክዳን፡ ዝሰማምዓና መግቢ፡ ምስ ዝንባለና ዝኸይድ ምህሮ፡ ወዘተ ከም እንመርጽ ዝሰማምዑና ሰላምን ዕግበትን ዝህቡና ሰባት ንዕርክነት፡ ንምሕዝነትን ፍቕርን መሪጽና ንኸእልዶ፧ ከም መንእሰያት ክሳብ ሕጂ ዝመስረትናዮም ዝምድናታት እስከ ገምጋም ንግበረሎም፧ ዝጠለሙና፡ ዘታለሉና፡ ዝተበለጹልና፡ ልብና ወሲዶም ልቦም ዝሓብኡልና፡ ዝሓምዩና፡ መገዲ ጸጋም ዝመርሑና፡ ዝሓሰዱና፡ ምስጢርና ዝዘረዉ ብሓደ ጸግዒ ነቕምጦም። ዝደገፉና፡ ሰናይ ምኽሪ ዝለገሱልና፡ ዘተባብዑና፡ ኣብ እዋን ጸገም ምሳና ደው ዝበሉ፡ ክንጋገ እንከለና ዓገብ ዝበሉ፡ ዝከላኸሉልና፡ ልቦም ዝሃቡና ከኣ ብሓደ ወገን ነቕምጦም። ኣየኖት ይበዝሑ፧ ኣየኖት'ከ ይረዝኑን ይኸብሩን፧

ከምዚ ኣብ ስእሊ እንርእዮ ዘለና በቲ ሓደ ወገን ናይቲ ሚዛን ብቐሊሉ ዝርከብን ብዙሕ ዋጋ ዘይክፍሎን ብዙሕ ዝተጨርሐ ኣእማን ኣብ ሚዛን ተሰቒሉ ይርአ። እምኒ ምስ ተኣከበ'ኳ ይሓይሽ እምበር ሓደ እምኒ ብተናጸል ምስ እንመዝኖ



ዋጋኡን ቁምነገሩን ኣዝዩ ለጠቕ ዝበለ እዩ። ብዙሓት ኣዕሩኽ ምህላው ምስዚ ዝተጨርሐ ኣእማን እዮም ዝመሳሰሉ። ከምቲ እምኒ ምእካብ ከም ምእካብካ ዝኸውን ሓደ ሰብ እውን ብዙሓት ሰባት ኣብ ከባቢኡ ንምህላው ከም ድላዩ ክግፍጥ ይኽእል እዩ። መእተዊ ንፋስ ክሳብ ዝስእኑ ንኑብሶም ብሰባት ዘዕግጉዋ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ኣብ ብዝሒ እምበር ኣብ ዓይነት ኣይግደሱን እዮም። ከምቲ ንፋዕ ነዳቓይ ዝንደቖን ዘይንደቖን እምኒ ዝፈላሊ፡ እሙናት ካብ ጠላማት፡ ቅኑዓት ካብ ሓሳዳት፡ ጽኑዓት ካብ ስኑፋት፡ ሓቀኛታት ካብ ኣምሰሉታት፡ ሓገዝቲ ካብ ተበለጽቲ፡ … ፈላሊና ኣብ መዝገብ ዕርክነትና ክንምዝግብ ተመራጺ እዩ። ምድረ ሰማይ ሰቲ ክንስነሶ እንከሎ ዝኸቡኻ፡ ኣብ ሓጋይ ዝርሕርሑኻ ኣዝዮም ኣገረምቲን ኣቓንዘውትን ሰባት እንተ ተረፉኻ ዝተርፈካ ነገር የለን።

ስምካን መልክዕካን ጥራይ ዝፈልጡ ፈለጥቲ ካብ መኸሰቦም ክሳራኦም እዩ ዝገድድ። ናይ ብሓቂ ዓርኪ ወይ መሓዛ ዝብሃል ዛንታኻ፡ ባህግኻ፡ ሕልምኻ ብሓፈሻኡ ቀለኻ ዝፈልጥ፡ ዘኽብር፡ ግምት ዝህብ፡ ካብኡ ሓሊፉ ኢዱ ወይ ሓሳቡ ብምሕዋስ ዛንታኻ ኣብ ምጽባቕ፡ ሕልምኻ ኣብ ምግሃድ፡ ባህግኻ ኣብ ምስማር ብሓፈሻኡ ደስ ዘየብል ስምዒት (ንፋስ) ከይኣትወካ ዝጋርድ ዝኸውን እዩ። ዓርከይ፡ መሓዛይ እዩ ኢልካ ንዝኸፈትካሉ ልቢ ጋህ ኣቢሎም ንፋስ ዘእትዉ፣ ወይ ባዕሎም ዘራጊቶ ኮይኖም ርግኣትካ ዝሓቑኑ ሰባት ይውሓዱ ይብዝሑ ዘይተመኩረ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተመሃራይ እንከለኻ፡ ናብ ሳዋ ምስ ወረድካ፡ ድሕሪ ሳዋ ዘሎ ናይ ትምህርትን ስራሕን ዓለም እናገስገስካ ክትከይድ እንከለኻ፡ ዋላ'ኳ ዝርዝር ኣስማት ፈለጥካ እናበዝሐ እንተ ከደ ቁጽሪ

ናይቶም ናብ ህይወትካ እተጥብቖም ሰባት ግና እናወሓደ እዩ ዝኸይድ። እናተመሃርካን እናተመኩርካን ምስ ከድካ ኣብ ብዝሒ ዘይኮነስ ኣብ ዓይነት ኢኻ ተተኩር። ኣብ ብዝሒ ዘሎ ሃጓፍን ኣብ ዓይነት ዝርከብ ብልጫን እናተራእየካ ይኸይድ።

ቀንዲ ነጥቢ ናይዚ ጽሒፍ'ዚ፡ ንሰባት ከይቀርቡና ወይ ከይጽግዑና ኣሻሹ ትሪኮላታ ጌርና ነብስና ንሕጸራ ንምባል ኣይኮነን። ሰብ ማሕበራዊ ፍጡር ስለ ዝኾነ ንምንባር እኽለ ማይ ጥራይ ዘይኮነስ ዝምድናታት እውን የድልዩዎ እዮም። የግዳስ ከምቲ ኩሉ ዝብላዕን ዝስተን ሃናጺ ዘይኮነ፡ ንመንፈሳውን ማሕበራውን ጥዕናና ዝሰማምዕ ዝምድና ንምምስራት ጥንቁቓት ንኹን ንምባል እዩ።

ብዛዕባ ዕርክነት ዝተባህለ ውሑድ ኣይኮነን። ካብታ ህብብቲ፡ "መን ምዃንካ ክነግረካ ምስ መን ከም እትኸይድ ንገረኒ" እትብል ብሂል ብዙሓት ጥቕስታት ምጥቃስ ይከኣል'ዩ። ነቲ ዝበሃል ኣጸጊዕና ከከም ዓቕምና ብዛዕባ ዕርክነትን ምሕዝነትን ዝተመኩርናዮ እውን ኣሎና። ሓቀኛ ዓርኪ ወይ መሓዛ ግን ከምቲ ብቐሊሉ ዝእኩብ እምኒ ዘይኮነስ፡ ከም ወርቂ ወይ ኣልማዝ ብቐሊሉ ዘይርከብን ውሑድን እዩ። እሙን ዓርኪ ወይ መሓዛ ውሑድ፡ ክቡርን ብቐሊሉ ዘይርከብን እዩ። ኣዕሩኽ ዝመስሉ ግን ኣዕሩኽ ዘይኮኑ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም።

መሬት ክትጽልምተካ እንከላ ብርሃን ዝኾነካ እምበር ኣብ እዋን ብርሃን ካብ ጥቓኻ ዘይርሕቕ ሰብ

ተራ ፈላጢ እምበር ሓቀኛ ዓርኪ ወይ መሓዛ ኣይኮነን። ንብርሃን ደኣ ጽንብላሊዕ እውን ትሰዕሰዓሉን ተኸድደሉን እንድያ። እሙን ዓርኪ ነቲ ሓቅን ዝኸውንን እምበር ክትሰምዖ ዝደለኻ መምዩ ዝነግረካ ኣይኮነን። ማለስ ከይተጸበየ ንዕግበቱ ኢሉ ዝድግፈካ እዩ ሓቀኛ ዓርኪ።

ናብታ ሚዛን ንመለስ። እታ ሓንቲ ክንዲ ጸጸር እትኸውን ኣልማዝ ካብቲ መዓት ግዑር ረዚና እቲ ሚዛን ናብኣ ኣዝጢጣቶ ትርአ። እቲ መልእኽቲ ንጹር እዩ፣ ዋጋ ወይ ክብሪ ብብዝሒ ቊጽሪ ኣይዕቀንን እዩ። ዓሰርተታት ወይ ኣማኢት ዕምቈት ዘይብሉ ዝምድናታት ንሓደ ወይ ክልተ ሓቀኛን ኣብ እምነት ዝተመስረተን ዝምድና ኣይበልጽዎን እዮን። ሓደ እሙን ዓርኪ ወይ መሓዛ ዝህበካ ደገፍ፡ እምነት፡ ምኽሪ፡ ሰላም ካብቶም ዕስለ ግን ከኣ ንኣኻ እሙናት ዘይኮኑ ኣዕሩኽ መሰል ኣጸቢቑ ይበልጽ።

ዝርዝር ናይ ትፈልጦም ሰባት ንምብዛሕ ዝጽዓእ ኣይኮነን። ካብዚ ንላዕሊ ግን ብዛዕባ ዕምቀትን ጥዕናን ናይ እትምስርቶ ዝምድናታት ኣተኩሮ ምሃብ ከም ዝግባእ ነዘኻኽር። ጨንፈራት ዝምድናኻ ምጽልጻል ንጹል ንምዃን ምምራጽ ኣይኮነን። እቲ ነጥቢ፡ ጥዕና ዝህብ ጥዑይ ዝምድናታት ምህናጽ ማለት እዩ። ከምዚ ክንብል እንከለና ከምቲ ንሕና እሙናትን ቅኑዓትን መሓዙት ክህልዉና ንምኑ፡ ንሕና ከኣ ንኻልኦት እሙናትን ሓቀኛታትን ክንከውን ከም ዘሎና ክንዝንግዕ የብልናን። ከምቶም ብዙሓት ግዑር ወይ ኣእማን ዘይኮነስ፡ ከምታ ጸጸር ወርቂ ወይ ኣልማዝ ኴንና ክንርከብ ኣሎና።

***

ልቦና

# ርእስኻ ምኽኣል ተላመድ

ርእሰ ከኣልነት ክግለጽ እንከሎ፡ ገዛእ ርእስኻ ናይ ምምላኽ ክእለት ክንብሎ ንኽእል። ካብ ውሽጥኻ ብዝነቐለ ድርኺት ተበራቲዕካ ገዛእ ርእስኻ ክትቕልስን ክትመርሕን ትብዓት ደሊብካ፡ ንባዕልኻ ናይ ባዕልኻ ምርኩስ እናገበርካ ጉዕዞኻ ምቕናዕ፡ እቲ እንኮ ጥጡሕ መገዲ እዩ። ኣብ ህይወት ክትበጽሖ ንእትደሊ ሸቶ ንምክንዋን፡ ዝደለኻዮ ዓይነት ኣስተምህሮ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ፣ ተበግሶ ወሲድካ ምስ ዘይትዓየሉ ግን ምስ ምሉእ ፍልጠካን ተመኩሮኻን ገና ተጸባዩ ኴንካ ክትቅጽል ኢኻ። ርእስኻ ክትክእል ምብጋስ፡ ጻዕሪ፡ ገድሊ፡ ምስ መሰናኽላት ምርጻምን ዓቕልን ክሓተካ እኽእል እዩ። ግና ኣብ መወዳእታ እትረኽቦ ፍረ እናሓደረ

ዘሐጉሰካን ኣብ ገዛእ ርእስኻ ዘሎካ ተኣማንነት ዘዕብን ምዃኑ ጥርጥር ኣይሃልኻ። ክሳዕ መኣስከ ተመጽዋቲ ክትከውን፧ ነዛ ሎሚ ዘላትካ ግዜ ብግቡእ ተጠቒምካ ኣብ መዓላ እናውዓልካ፡ ንጽባሕ ጥጡሕ ናብራ ንኽትቅርበልካ ዓልማ።

ብሓፈሻ ካባኻ ዝበልሕ ሰብ የለን፣ ካባኻ ዝበልጽ እውን የለን፣ ከምኡ ኢልካ እመን። ሓደ



ሰብ ካብ ናትካ ዝሓይሽ ስራሕ ስለ ዝሰርሐ ጥራሕ ካባኻ ይበልጽ ማለት ኣይኮነን። የግዳስ፡ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ዓውዲ ከመይ ገይሩ ዕዉት ከም ዝኸውን ቅድሚኻ ተማሂሩ ኣሎ

ማለት እዩ። ርእስኻ ምኽኣል ድማ ካብዚ'ዩ ዝብገስ። ነብስኻ ብዝግባእ መሊኽካ ከተድምዓሉ ኣብ እትኽእል ዓውዲ ምድማዕ። ስለዝኾነ ድማ ካልኦት ሰባት ካብ ገበሩዎ፡ ብርግጽ ንስኻ እውን ክትገብሮ ዘጸግመካ

ኣይኮነን።

ዝበዝሑ ካብቶም ገዛእ ርእሶም ንምምላኽ ዘይበቕዑ ሰባት፡ ቀንዲ ምኽንያቶም፡ ፍርሒ እዩ። ሓድሽ ነገር ንኽፍትኑ ይፈርሑ። ፍሉይ ህይወት ንኽምስርቱ ይፈርሑ። ብናቶም መገዲ ንኽጉዓዙ ይፈርሑ። ኣብ ዙርያ እቲ ዝተቐረበሎም ወይ'ውን ዝጸንሖም ንኣሸቱ ዕድላት ኩለል ክብሉ ዘመን ህይወቶም ይሓልፍ። ናይ ባዕሎም ዕድላት ኣለልዮም ሓልፍነት ናይ ናብራኦም ንኽይስከሙ፡ ኣብ

ዕጥይጥይ የኸድዱ። ፍርሖምን ዕጥይጥዮምን እናተደጋገፉ ድማ ኣብ ውሽጦም ይዓብዩ እሞ፡ ኣእምሮኣውን ሞራላውን ጽግዕተኛነት የስርጹሎም። እዚ ድማ ግድነት ናብ ዘይዕጉብነትን ጥፍሽናን ይመርሖም። እቲ ዝገርም ሽዑ፡ ነቲ ኣጸጊዑዎም ዘሎ ኣሰራሒ ይኹን ስድራቤት እዮም ዘምርሩዎ።

እቲ እንኮ ፍታሕ ናይዚ እምበኣር፡ ርእሰ ተኣማንነትካ ክሃንጽ ዝኽእል ፍልጠት እናደለብካ፡ ዓዪኻ ከተድምዓሉ እትኽእል ዓውዲ መሪጽካ፡ ምሉእ ኣድህቦኻ ናብኡ ግበር። ፍልጠትካን ክእለትካን ብዝዓበየ መንጽር ድማ ብእኡ ንብእኡ ኣብታ ስጉምቲ ክትወስደላ እተኽእለካን ለውጢ እትርእየላን ነጥቢ ክትበጽሕ ኢኻ። ሽዑ፡ እቲ ናይ ፍርሕን ዕጥይጥይን መድረኽካ ተዛዚሙስ ርእስኻ ክኢልካ ርእሲ ካልኦት ንምዃን ከም ዝበቓዕካ ብሩህ እናኾነልካ ይመጽእ።

ብርዒ ወጋሕታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ሃብታኣብ ቀሺ ግርመ ካሕሱ፡ ጓሊይ ኤደን ሃብታኣብ ቀሺ ግርመ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ ብዓልተይ ቤተይ ሃንሱ ወልዱ ተተካእቲ ደቃና ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሓናን ሁመድ ኣሕመድ ምባል ተረፉ፡ ሓናን ሑመድ ኣሕመድሸኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኤልሳ ኣፈንያ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ስም ኣደይ ሮማኣት ጉብረገርግሽ ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ሮማኣት ተስፋጊዮርጊስ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ቤተልሄል ተስፋት ተኪኤ ምባል ተረፉ፡ ቤተልሄም ተስፋት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ብርሃ ሓየለም ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ሰም ሓየለም ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቀዳማይ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፦ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብቲ ስጡይ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመመ፡ ማሰሽቲ ባኒን መጥሓኒ እኽልን

ኣሃዱ፦ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና

ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ሚኒስትሪ ጥዕና ንዓመት 2027 ዓ.ም ካብ ወርሒ 01/01/2027 ክሳብ 31/12/2027 ዓ.ም ኣብ ትሕቲኡ ንዘርከብ ሆስፒታላትን ኣብያተ ትምህርቲ እንተላይ ኣብ ዞባታት፡ ንሕሙማትን ተማሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከምጽኦ ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም፡፡ (ንዞባታት ዝምልከት፡ ተጫረትቲ ቅጥዒ መጫረቲን ሓበሬታን ካብ ዞባታት ይወስዱ)

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦ (ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከብ 12 ሆስፒታላትን ቤት ትምህርቲ ተሓጋገዚ ነርስ ኣስመራን)

1. ሚ/ጥዕና፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፡ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስቡሒ ዘይብዙሖ ስጡይ ስጋ ከብቲን እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይን ጸባ ከብቲ) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን፡ ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር መንግስትን የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሃገራዊ ሚ/ጥዕና (የሴፍ ስዩም) ቁ.ቴሌ 125312 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፡ ዕለት 02/10/2026 ሰዓት 9:45 ቅ.ቀ ክዕጾ ኢሉ፡፡ ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲን ክሳተፍ ዝደለ ሰብ፡ ሰነዳት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁጽሪ 36 ይኣቱ፡፡ ዕለት 02/10/26 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምልስ ንኣሕምልትን ፍረታትን 200,000.00 ንስጋ 200,000.00 ናቕፋ ንእንቋቑሖ 100,000.00 ናቕፋ፡ ንጸባ ንገፍሮ በርበረ ምስ ቀመመ 30,000.00 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ከትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ተጫራቲ ነቲ ዝተዓወተሉ መግቢ ብናቱ መጎዓዝያ፡ ናብ ዝተዓወተሉ ሆስፒታላት የቕርብ፡፡
10. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡
11. ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ዞባታት ዝቐርብ ድማ መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንኣሕምልትን ፍረታትን 50,000.00 ንስጋ 50,000.00 ናቕፋ፡ ንእንቋቑሖ 20,000.00 ናቕፋ፡ ንጸባ ንገፍሮ በርበረ ምስ ቀመመ 20,000.00 ናቕፋ፡ ከም እውን ንማሰሽቲ ባኒን ንመጥሓኒ እኽልን ከኣ 10,000.00 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ከትሕዙ ይግባእ፡፡ ኣብ ናይ ሰዓት ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ዓንሰባ ንዕለት 06/10/2026 ኣብን ከረን፡ ኣብ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ ንዕለት 12/10/2026 ኣብ ባረንቱ፡ ኣብ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንዕለት 19/10/2026 ኣብ ባጽዕ፡ ኣብ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ንዕለት 26/9/2026 ኣብ ዓሰብ፡ ኣብ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ደቡብ ዝምልከት ድማ ንዕለት 08/10/2026 ኣብ ሰንዓፈ፡ ንዕለት 15/10/2026 ኣብ ዓዲ ቐይሕ፡ ንዕለት 22/10/2026 ኣብ መንደፈራ ከም እውን ንዕለት 29/10/2026 ኣብ ደቀምሓረ ምኻኑ ንሕብር፡፡

**ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና**
**ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና**
**ምምሕዳር ጽሬት ጎደና ደንደን ቁ.ሳ.ፖ 212 ኤርትራ ኣስመራ**
**ቁጽሪ ቴሌፎን 125312**

ኣነ ሃናእ ዓብዱ ቃሰም +2፣ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዙባንዳ ከቢ ማይጭሆት ፕሎት 89 ፓርሰል A1 ዚፕኮድ 1A191 ጉደና ባሕሪ ባራ ቁጽሪ ገዛ 46 ዝርከብ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቁ.ንብረት ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ 1BRASM002214/1 ብዕለት 13/06/2025 ብስምና ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓዳጊት ከነመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይ ቀሪቡ ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምኻንና እሕብር፡፡

ወ/ሮ ሃናእ ዓብዱ ቃሰም+2

ብስም ወ/ሮ ፍረሂወት መለስ ጉብረየሱስ፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-0925 ቁጽሪ መዝገብ DAR-0794 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ዕናበር ዝርከብ ናይ G71.8287 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ዮዲት ጼጋዝኣብ ጉብረኪዳን፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ዕናበር - ተሌፎን 07434528፣ ካብ ዕለት 1/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 14 መስከረም ክጅምር ምኻኑ ከተበስር ትፈቱ፡፡ ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ፡፡

ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ፡፡

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተስፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ፡፡



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣባሻውል፡ መለለዪ ገዛ ASD00042274 ASP0047685 ከባቢ ኣባሻውል ዚፕ 1A132 ስፍሓት መሬት 121 ት/ሜ ፓርሰል 88 ፕሎት NOPL ብስም ኣብርሃም ወልደኣብዝጊ ብኑበረት ቁጽሪ መዝገብ 6582/23 ዝተመዝገበ፡ ንኣቶ ሳምሶም ከሱተን ወ/ሪ ታሪክ የውሃንስ ስለ ዝሸጥናሉ’ሞ ናብ ስሞም ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ ፧ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ’ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኸይሩ ውሳነ ሓዙ ናብ ቤ/ጽ ካዳስተርን ቤ/ጽ ኖታሪ ሓዙ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳይና ክነውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ኣቶ ኣብርሃም ወልደኣብዝጊ

ብስም ወራሲ ናይ ወ/ሮ መቕደስ ዑቕባትንሳኤ ወደን ኣቶ ተወልደ ዑቕባዮብርኤል እዝራ፡ ኣብ ቤ/ጽ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 114198 መወከሲ ቁጽሪ 133227/135226 ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ኦርጂናል ሊብረቶ ደሊና ስለ ዘሰኣንናዮ፡ ዝኾነ ሊብረቶ ብዕዳ ሓዚዎ ዝርከብ ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07125194 ወይ 164374 ደዊሉ ክሕብረና፣ እንተዘይኮይኑ፡ ናብ ዝምልከቶ ቤ/ጽ ካዳስተር ኣቕሪብ መተካእታ ኦርጂናል ሊብረቶ ንኽወሃበና ክሳተት ምዃንና ንሕብር፡፡

ኣቶ ተወልደ ዑቕባዮብርኤል እዝራ
ወኪል ኣቶ ፍጹምብርሃን ተወልደ

ኣነ ህይወት ዳንኤል ገብረኪዳን +6 ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ምም/ከባቢ 02 (ምም/ን/ዞባ ገዛባንዳ) መጸውዒ ቦታ ኣዲስ ኣለም ፕሎት 4 ፓርሰል ኣይ ጉደና ተከዜ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 3658/2002 ብኑበረት ቁጽሪ መዝገብ 59739 ጠቕላላ ቁ.መዝገብ 98460 ብዕለት 23/04/2003 ብስም ብዓል ቤተይ ነፍ.ይትባረኽ ወልደትንሳኤ ኣስፍሃ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስም ዋንነት ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሓዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ህይወት ዳንኤል ገብረኪዳን +6

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ፈልከት ሎታ 34 ስፍሓት መሬት 252.28 ት/ሜ ዓይነት ገዛ ኣፓርታማ ቀንዲ ክፍልታት 6 ሓጋዚ ክፍልታት 8 ዝሓዘ ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 123532 መወከሲ ቁጽሪ 105233 ብስም ኣቦና ነፍ/ያሲን መሓመድ ሰዒድ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጻሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሓዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ሳምያ ያሲን መሓመድ

ብስም ወ/ሮ ህድኣት ወረደ ገ/ምካኤል፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00004892 ቁጽሪ መዝገብ ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ድባርዋ ዓዲ/ከተማ ምስሶም ዝርከብ ናይ መሸጢ እኽሊ ትካለይ፡ ወ/ሮ ሰምሃር ተስፋጋብር ሰበሁ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ድባርዋ ዓዲ/ከተማ ምስሶም - ተሌፎን 07533176 ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 01/07/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ህድኣት ወረደ ገ/ምካኤል

ብስም ኣቶ ተስፋማርያም ተኽለ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DEL00007045 ቁጽሪ መዝገብ 02/379/026 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ማይ ዓይኒ ዓዲ/ከተማ ሓ/ከ/ማይ ዓይኒ ዝርከብ ናይ J20 ትካለይ፡ ንኣቶ ሸሻይ ታደሰ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ማይ ዓይኒ ዓዲ/ከተማ ሓ/ከ/ማይ ዓይኒ - ተሌፎን 07473267፣ ካብ ዕለት 01/1/2025 ክሳብ ዕለት 30/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ተስፋማርያም ተኽለ
ሕጋዊ ወኪል ገብረመስቀል ሃይለ

ብስም ወ/ሮ ሰምረት ሰለሙን፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DGR00007294 ቁጽሪ መዝገብ DEL00008483 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ዓዲ/ከተማ ሰገነይቲ ዝርከብ ናይ ቤት መዘናግዒ ትካለይ፡ ንኣቶ ጴጥሮስ ሃብተማርያም፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ዓዲ/ከተማ ሰገነይቲ - ተሌፎን 07370464፣ ካብ ዕለት 01/8/2026 ክሳብ ዕለት1/8/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ሰምረት ሰለሙን
ሕጋዊ ወኪል ጴጥሮስ ሃብተማርያም

ወ/ሮ ገርግሽ ገብርኣብ ወልደሚካኤል፡ ዝተፈቕደለን ናይ ኣገልግሎት ኢንተርነት ንግዳዊ ትካለን “ዶልፊን ኢንተርናሽናል” (DOLPHIN INTERNATIONAL) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝተሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጉዳይፍ ጎደና ገልሃንቲ ቁ/ገዛ - ብስም ሃይለ ኣርኣያ ገብሸ ዝተመዝገበ ናይ Repair of motor vehicles (body & automechanic) ንግዳዊ ንጥፈት ልቸንሳ ቁ.ልቸንሳ ASL00000635 ቁ.ምዝገባ ASR00000827 ብዝወሳኸ በ/ቤተይ ወ/ሮ መድህን ወልደሚካኤል ትኻቦ ዝሃበትኒ ውክልና ስልጣን ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ’ውን ብዕዳ ሓዚዎ ዝርከብ እንተሃልዩ፡ ብቑጽሪ ሞባይል 07113638 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ደዊሉ የረክበኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ሃይለ ኣርኣያ

# መልእኽቲ ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ምጥፋእ መሃይምነት

ኣህጉራዊ መዓልቲ ምጥፋእ መሃይምነት ብዓለም ደረጃ ዓመታዊ ኣብ 8 መስከረም እትዝከር ዕለት እያ። ዕላማ ምዝካር ናይዛ ዕለት፡ ኣብ ትግባረ ምጥፋእ መሃይምነት ዝተሰላሰለ ጉስጋስ፡ ዝተቐስመ ተመክሮ፡ ኪጋጥም ዝጸንሐ ብድሆታትን ሕጽረታትን ብዕምቈት ብምልላይ፡ ንዝበለጸ ወጽኢት ንቕድሚት ንምስጓም'ዩ። እዚ ምኽንያት ብምግባር ዝእቶ መብጽዓ፡ መሃይምነት ምጥፋእ፡ ከም መርኣያ ሱቡኣዊ ክብረትን ዕቤትን ዝጋታት፡ ዘይንፈግ መሰል ስለዝኾነ፡ ንምዕዋቱ ብወሀደት ንምጽዓት'ዩ።

መዓልቲ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ሃገርና፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ንመበል 25 ግዜ ብዓለም ደረጃ ድማ ንመበል 60 ግዜ ትዝከር ኣላ። ብኢጋጥሚ ምዝካር ናይዛ ዕለት፡ እተመርጸ ቴማ፡ “ምጥፋእ መሃይምነት ንህዝቢ፣ ነዛ ፕላኔትን ንብልጽግናን” ዝብል እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝበረ ቴማ፡ ንደራኺ ሓይሊ ዲጂታላዊ ቴክኖሎጂ ኣብ ትምህርቲ ዘጉልሕ “ድንፈዐ ምጥፋእ መሃይምነት፣ ኣብ ዘመነ ዲጂታላዊ መዋእል” ዝብል'ዩ ነይሩ። ክልቲኡ ቴማታት ዝተኣሳሰረን ንኣገዳስነትን ረብሓን ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ዜጋታትን ሃገርን ዘጉልሕ እዩ። እዚ ድማ፡ ተጠቀምቲ ተክኖሎጂ ሓበሬታን ሚድያን ንኽኑ ክዉን ንምግባር፡ ብቑጻሊ ወሀዱ ጻዕሪ ከምዝደሊ ዘእምትልና እዩ።

መሃይምነት ምጥፋእ ወይ ሊተራሲ ዝብል ሓረግ፡ ትርጉሙን ኣተሓሕዝኡን ምስ ደረጃ ምዕባለን ዕቤት ሕብረተ-ሰብትን ብቐጻሊ ዝሕደስን ዝቅያየርን ኣምር እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ትርጉም ምጥፋእ መሃይምነት ፊደላትን ኣሃዛትን መሊኻካ ክተንብብ፡ ክትጽሕፍን ክትቅምርን ምኽኣል ጥራይ ዘይኮነ፡ ክሳብ ኣጠቃቕማ ተክኖሎጂ ሓበሬታን ሚድያን ዝሽይድ ዲጂታላዊ ትርጉም ዝሓቑፍ ስለዝኾነ እዩ። ስለዚ፡ ስራሕ ምጥፋእ መሃይምነት ብዕድመ ምሉእ ምህሮ ዝረጋገጽ መስርሕ እምበር፡ ኣብ ሓደ ደረጃ ዘብቅዕ ወይ ዝጠፍእ ዘይምዃኑ ፈሊጥና ክንዓሎን ክንሰርሓሉን ዘጽግዕ እዩ።

ንጥፈታት ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ኤርትራ፡ ካብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት ኣትሒዙ ኣቓልቦ ዝተዋህቦን እተሰርሓሉን ንጥፈት እዩ። ከም መቐጸልታ፡ ክሳብ 1998/99 ንጥፈታት ምጥፋእ መሃይምነት ብፕሮጀክት መልክዕ ብዙናጸል ብዝተፈላለዩ ኣካላት ተኻይዱ። ካብ 2000 ጀሚሩ ግን፡ ሓደ ካብ ቀዳምነታት መንግስቲ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ዕድመ ቁልዕ፡ መንእሰያትን ዓበይትን ብምትኳር፡ ንጥፈታት ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ኩለን ዞባታትን ብኹለን ቛንቋታት ሃገርን ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ሃገራዊ ዕማም እዩ። “ትምህርቲ ንኹሉ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ክሳብ 2015 ኣድማዒ ስራሕ ተኻይዱን ብዙሓት ዜጋታት፡ ተጠቀምቲ ኮይኖምን እዮም። ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ከኣ፡ “ትምህርቲ ንዘላቒ ምዕባለ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ እቲ ኣቓዲሙ ዝተሰላሰለ ጉስጋስ ብምዕቃብ እቲ ዕማም ካብ ዓመት 2016 ጀሚሩ ሓይሉን ብስፍሓትን ዝቐጸለ ዘሎን ንጥፈት እዩ።

ኣብ ሸቶ ትምህርቲ ንዘላቒ ምዕባለ፡ ንምጥፋእ መሃይምነት ዝምልከት ተጻፊሩ ዘሎ ክልተ ሸቶታት፡ ሓደ ካብ 15 ክሳብ 24 ዓመት ዝዕድመኦም መንእሰያት ኩሎም፡ ክሳብ 2030 መሃይምነት ከምዝጠፍኡ ንምግባር'ዩ። እቲ ካልኣይ ታርጌት ከኣ፡ ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድመኦም ዓበይቲ መሃይማን ዝበዝሑ ካብኦም መሃይምነት ከምዝጠፍኡ ምግባር እዩ ዝብል። ብመንጽር እዚ ሚዛን'ዚ ከም ሃገር ኣበይ ኣለና ናይ ዝብል መሰረታዊ ሕቶ መልሲ፡ ኪጋጥም ዝጸንሐ ሕጽረታትን ብድሆታትን ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ሃገርና ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ኣላ ክበሃል ዝከኣል እዩ።

ኣብ 2008 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ ምጣነ ምጥፋእ መሃይምነት ብሃገር ደረጃ 65 ሚእታዊት ዝበረ፡ ኣብ ዓመት 2025 ብሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ዝተኻየደ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ ናብ ኣስታት 80 ሚእታዊት ክብ ክብል ምኽኣሉ ወጽኢት ሓያል ጻዕሪ'ዩ። ብጾታ ክረአ እንከሎ፡ ምጣነ ምጥፋእ መሃይምነት ናይ ደቂ ኣንስትዮ 57 ሚእታዊት ዝበረ፡ ኣብ 2025 ብ15 ሚእታዊ ወሲኹ ናብ 72 ሚእታዊ ክብ ኢሉ ኣሎ። ናይ ደቂ ተባዕትዮ'ውን ብኣስታት 10 ሚእታዊ ወሰኽ ብምግባር፡ ካብ 74 ሚእታዊት ናብ ኣስታት 85 ሚእታዊት ክብ ክብል ክኢሉ እዩ። ኣብ ክልቲኡ ጾታ ዝበረ ናይ ኣስታት 17 ሚእታዊ ገፊሕ ፍልልይ፡ ናብ ኣስታት 12 ሚእታዊ ክጸብብ ምኽኣሉ ከኣ፡ ኣብ ደቀንስትዮ ኣተኲሩ ብመንግስቲ ዝተገብረ ቀጻሊ ወፍሪን ምስ መሻርኽቲ ዝተገብረ ወሀዱ ጽዕረታትን ወጽኢት እዩ። ኩሉ'ዚ ዘሐጎሰን ዘተባብዕን ወጽኢት'ዚ ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ብዝሓየለን ዝሰለጠን ኣተሓሕዛ ክንድርዖን ክነዕውቶን ክንሰርሕ ከድልየና'ዩ።

ተረኺቡ ዘሎ ወጽኢት ዘተባብዕ'ኳ እንተኾነ፡ ገና ግን ሓያል ስራሕ ይጽበየና ከምዘሎ ዘመልክት'ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ዞባታት ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ዞባ ጋሽ ባርካን ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ተረጋጊጹ ዘሎ ጉስጋስ ዝሓሸ እዩ። ወጽኢት ምጣነ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብ18 ሚእታዊት ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ድማ ብ20 ሚእታዊ ምዕቡዩ ዝምስክሮ ወጽኢት እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ተረኺቡ ዘሎ ወጽኢት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኾነ ኣገዳሲ ትሑት እዩ። ፍሉይ ኣተኩሮን ወሀዱ ስራሕን ይጽበየና ከም ዘሎ ተጸፊሩ ኣሎ። ስለዚ ኣብ ዝቕጽል ዓመታት፡ ኩሉ ኣማራጺታት ተጠቒምና ኣብዘን ክልተ ዞባታት፡ ምጣነ መሃይምነት ናይ ክልቲኡ ጾታ፡ ብፍላይ ከኣ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ብዝተዓጻጸፈ ሚእታዊት ከምዝጎድል ንምግባር ብሃገርን ዞባታትን ደረጃ ዕቱብ ጻዕረታትን ወፍሪን ከድሊ'ዩ።

ኩለን ዞባታትና ዝርዝር ናይዚ ኣብ 2025 ዝተረኽበ ወጽኢት መጽናዕቲ ተጠቒመን ኣብ ዝቕጽል ዓመታት፡ ኣብ ምሕያል መሰረተ ትምህርቲ ብሓፈሻ፡ ምጥፋእ መሃይምነት ንመንእሰያትን ዓበይትን ከኣ ብፍላይ ብውጥን ከምዝሰርሓሉ ክዝበራ ይግባእ። ዝወጻእ ውጥን በዘየዕሙቱ እናተገምገመን ዚድሊ ምትዕርራይ እናተገበረሉን መሃይምነት ኣብ ኩሉ ከባቢታት፡ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ክወርድን ምሉእ ብምሉእ ንኽነቕጽጽሮን ብወሀደት ክንሰርሕ ሚኒስትሪ ትምህርቲ የዘኻኽር።

ብኣጠቓላሊ፡ ኣብ ትግባረ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ኾነ ብዙሕ ዝተረፈና'ኳ እንተሎ በብዓቢኡ ዕዉት ስራሓት ተሰላሲሉ እዩ። ኣብ ዝቕጽል 5 ዓመታት እምበኣር፡ ቀዳምነት ዝወሃቦ ኣብቲ ኾነ ዕድል ከይረኸበ ዝጸንሐ ምምሕዳር ከባቢታትን ዓድታትን ከምኡ'ውን ትሑት ምጣነ ምጥፋእ መሃይምነት ዝተራእየለን ዞባታትን ብምትኳር፡ ንመሃይምነት ምምካት ክኸውን እዩ። እዚ ወሐለሰ ንምግባር ከኣ፡ ምዕሩይን ኣሳታፊን ዕምሪ ምሉእ ምህሮን ዝርገሐ ብቑዕ ሓበሬታን ዝጋታት ክዉን ንምግባር፡ ክንጽ መሰረተ ትምህርቲ ዝሽይድ ኣቐርቦት ቀጻሊ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናታትን ከሐይል ከድልየና እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር፡ መሃሪ ኣከባቢ ብምፍጣር ድጋፊ መሃይምነት ንምቁጽጻርን ባህሊ ንባብ ንምኹስኳስን ብወሀደት ክንሰርሕ ከድልየና እዩ። ስለዚ ዝተረኽበ ወጽኢት መጽናዕቲ መጠነሲ ጊርና ክሳብ 2030 ኣብ ትግባረ ምጥፋእ መሃይምነት ብዝሓተጠነ ደረጃ እንምዝገቡ ወጽኢት ንኽነረጋግጽ፡ ምስ ኩለን ዞባታት ብዝተሃጸረን ተተግቦርን ውጥን ክንሰርሕ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ይጽውዕ።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ምጥፋእ መሃይምነት 8 መስከረም 2026፡ ኣብ ቅንያት ምዝካር መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ትዝከር ስለዘላ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ የቐናዮ ይብል። በዚ ኣጋጣሚ፡ ዘሐተጠነ ቅያ ታሪኽና ኣብ ትምህርቲ፡ መሰረት ጊርና ንዝበለጸ ወጽኢት መብጽዓና ከሐድስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ደጊሙ የዘኻኽር።

**ርሑስ ሓድሽ ዓመት ትምህርቲ**
**2026- 2027!**
**ምጥፋእ መሃይምነት፡ ንምዕሩይን**
**ውሑስን ምዕባለ**
**8 መስከረም 2026**
**ሚኒስትሪ ትምህርቲ**

## ሃያሲ፡ . . .

ካብ 4ይ ገጽ ዝቐጸለ

ሓያል ጸሓፊ፡ ከም ሄሚንግወይ፡ ብሉጽ ህያሳዊ ሓሳብ ኣብ ልዕሊ ስራሑ ዘውርዶ ሃሲያ ባዕልኑ (ኢጎኡ) ክትንክፎ ንቡር'ኳ እንተኾነ፡ ጥበባዊ ብቕዓቱ ኣብ ምዕባይን ንስራሑ ብሓድሽ መገዲ ናይ ምርኣይ ዕድል ብምፍጣር ኩርናዓት ርእየቱ ኣብ ምስፋሕን ዝጉብረሉ ኣበርክቶ ዓዚዙ ስለ ዝረኣየ፡ ናይ ሞያውያን ሃያስቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ዝኾነ ግዱስ ኣንባቢ ርእይቶ ክሰምዕ ህንጡይ እዩ። ንህያሳ ዝህልወካ መልሰ-ግብሪ፡ ኣብ ዓይነት ናይቲ ዝቐርብ ህያሳን ከም ጸሓፊ ንሞያኻ እትህቦ ኩብርን'ዩ ዝምርኮሶ። ከም ጸሓፊ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባትን ገዛእ-ርእስኻን ዝሃነጽካዮ ምስሊ ወላ ኣብ ሓቀኛ ብቕዓት ዝተሰረተ ኣይኹን ክትዕቅቦ ትብህግ እንተ'ኼንካ፡ ኣብ ልዕሊ ስራሕካ ዝቐርብ ነቐፌታ፡ ሓቅነቱ ብዘየገድስ፡ ናብ ቀኑዕ መልሰ-ግብሪ ክመርሓካ ይኽእል'ዩ።

ህያሳ፡ ዘይተርፍ ኣካል ጽሑፍ ምዃኑን ልዕሊ ውልቃዊ ዝናኦም ጥበባዊ ዓቕሞም ከዕብዩ ዝብህጉ ስነ-ጥበባውያን ኣገዳስነቱ ከም ዘይጠፍኦምን ድሕሪ ምርድዳእ ዘተርፍ ሕቶ፡ ንዓይነት ህያሳ ዝምልከት'ዩ። ህያሳ ብዘይዳ ናብ እወታዊዶ ኣሉታዊ ሸነኻት ስራሓት ጥበብ'ዩ ኩተኩር ዝግባእ፧

ዝኾነ ጥበባዊ ስራሕ፡ ገምጋም ክግበረሎም ዝኽእል ብዙሓት መዳያት'ዩ ዝሓቕፍ። ኣንበብቲ ከኣ፡ ከከም ተመክሮታቶምን ዝንባለታቶምን፡ ኣብ ዝኾነ ካብዞም መዳያት ኩተኩሩ ይኽእሉ። ዓይነት ናይቲ ዝወሃብ ህያሳ ኣብ ብሉጽነትን ድኻምን ናይቲ ዝህየስ መዳይ ይምርኮስ። ‘ኣንስታዊ (feminist) ኣናብባ ድኻን ትብርህ’ ዝብል ናይ ህያሳ መደብ ሐዙ ዝተበገሰ ሰብ፡ ንኣብነት፡ ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ እወታዊዶ ኣሉታዊ ገምጋም የቕርብ ኣቐዲምካ ክውሰን ኣይክእልን። ሃያሲ ኣብዚ ኣርእስቲ ናብ ኣሉታዊ መደምደምታ ምስ ዝበጽሕ፡ ኣሉታዊ ገምጋም ምሃብ ኣሰኪፉዎ፡ ‘ግን ብግቡእ ዝተሃነጸ ናይ ትእምርትታትን ስእልታትን (symbols and imagery) ምውህሃድ ረኺበ’ ኢሉ ምስ ዝምልእን ነዚ ርእይቶ ዝያዳ ከጉልሕ ምስ ዝፍትንን ካብ ኣርእስቱ ምውጻእ'ዩ ዝኸውን።

ምህያስ፡ ደምዳሚ ሚዛን ምሃብ ስለ ዘይኮነ፡ በቲ ዝቐርብ ገምጋም ዘይዓግብ ካልእ ኣንባቢ፡ ናቱ ኣራሚ ገምጋም ከሰዕብ ይኽእል። ጥበባዊ ደረጃ ናይቶም ዓበይቲ ናይ ጥበብ ስራሓት፡ ናይ ዘበናት ማዕበላት ነቐፌታ በዲሆም፡ ደልዲሎም ድሕሪ ምውጻኦም ዝተረጋገጸ'ዩ። ኣብ ልዕሊ'ቶም ሎሚ ብኽብሪ ዝጥሙቱ ስራሓት ሼክስፒር ንዘወረዱ ነቐፌታታት ንምግላጽ ገጣሚ ቲ ኤስ ኢሎት፡ “ሎሚ ብዛዕባ ስራሓት ሼክስፒር እንጋገየሉ ሓድሽ መገዲ የብልናን” ብምባል ጸሓፈ። ሓደ ብሉጽ ስራሕ፡ ብሉጽነቱ ክርድኡ ብዘይክኣሉ ኣእላፍ ሃየስቲ ዝግበረሉ ኣሉታዊ ገምጋም ኣውዲቑ ከም ዘየትርፎ ዘክጽር ኣበሃህላ'ዩ።



ብዕላማ ናብ ወደሳ ዝዘዙ ህያሳዊ ስራሕ፡ ጌጋታት ዕሸሽ ብምባልን ካብ ንጹር ገምጋም ዘይብገሱ ወደሳታት ብምቕራብን ሓቀኛ ጥበባዊ ኩብሪ ናይቶም ዝግምግሞም ስራሓት ብንጹር ስለ ዘይገልጽ፡ ኑቶም ብሉጻት ዝተባህሉ ስራሓት ከም መወከሲ ተጠቒሞም ጥበባዊ ርድኢቶም ኣስፊሖም ክዓብዩ ዝፍትኑ ጀመርቲ ጸሓፍቲ ምድንጋር ክፈጥሩ ይኽእሉ'ዮም። ናይ በዩን ሃይለ “ትጽቢት ባህጉ”፡ ካብቶን ዝበለጸ ናይ ጥበብ ስራሓትና ምዃና ዝእመነላ፡ ምስ ናይ ፎልክነርን ጋብርየል ጋርስያ ማርኬዝን ‘ዝወዳደር’ ቅዲ ኣጸሓሕፋን ምስ ናይ ኣንቶንዮ ግራምሺ (Gramsci) ዝዳረግ ትንተናን ከም ዘለዋ ዝተሃየሰት ስለ ዝኾነት፡ ካብቶም ድሮ ፈርዮም ዘለዉ ስራሓትና ተማሂሩ ክዓቢ ዝፍትን ኣንባቢ ይኹን ጸሓፊ፡ ኑቲ ዝተዋህበላ እወታዊ ገምጋም ክረኽቦ ክጽዕር ንቡር'ዩ።

እዞም ኣብዛ መጽሓፍ ዝቐረቡ ግዙፋት ናእዳታት፡ ብዝርዝራዊ ትንተና ከይተሰነዩ ደምደምቲ መምዘኒታት ኮይኖም ስለ ዝተወስዱን ጌጋታት ዕሸሽ ተባሂሎም ስለ ዝተሓልፉን፡ “ትጽቢት ባህጉ” ዘንብቡ፡ ኑቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝቐረበ ትንተና ዝፈልጥ ሰብ፡ “ስትሪም ኦፍ ኮንሸስነስ” ዝበሃል ቅዲ ኣጸሓሕፋ፡ ኣዘንታዊ ዝጭበጡ ፍጻመታት ምዝንታው ገዲፉ ብዛዕባ ባህ ዘበሉዎ ጉዳያት ኮለል ክብል ዘፍቅድ ቅዲ ምዃኑ ከም ዝድምድም ክገብሩ ይኽእሉ። ኣብቲ መጽሓፍ ዝርከቡ ሓሳባት፡ ብመስመር ትርጉም ክጥመሩሉ ዘይክኣሉ ኣንባቢ፡ ኑቲ መጽሓፍ ዝተዋህበ ኩብሪ ዘኪሩ፡ እቲ ጸገም ናቱ ናይ ምስትምቓር ጉድለት ምዃኑ ክኣምን ይኽእል'ዩ። ትርጉም ብሉጽ ጥበባዊ ስራሕ ምርዳእ ልዕሊ ዓቕሙ ምዃኑ ኣሚኑ ተስፋ ክቖርጽ'ውን ይኽእል። እቲ ጸገም ግን፡ ኣብ ንጹር ትንተና ዘይተሰረቱ ወደሳታት ዘስዓቡዎ ምድንጋር'ዩ። እቶም ብዘይተተንተኑ ናእዳታት ምሒር ኩብሪ ሂብናዮም ዘለና ናይ ጥበብ ስራሓትና፡ ዝውደሱሎምን ዝንቀፉሎምን ምኽንያታት ብደቂቕ ትንተና እንተ ዘይተገሊጾም ርድኢታት ሓደስቲ ወለዶ ጸሓፍቲ ኣዕቢዮም ናብ በሪኽ ደረጃ ጥበብ ዘደይብ መሳልል ክንዲ ዝኾኑ፡ ኣብ መገዲ ጥበብና ዝተቐመጡ ምሕላፍ ዝኽልክሉ ደናጉል ክኾኑና'ዮም።

ንወዳደስ ንወዳደሰ'የ ዘመን ክምለሰ'የዶ፡ ወይስ፡ ንነቓቐፍ ንነቓቐፍ'የ ድሕረት ክሕለፍ'የ፧

ኣ/ሕጊ ሳሚ ተኽለ
ተሰነይ

# መዘነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ኣብ መዓልቲ መርዕኡ ቈልዓ ዘድሓነ መርዓዊ

22 መስከረም 2017 ካናዳዊ መርዓዊ ክሊዩተን ኩክን ምስ መርዓቱ ብሪታኒ ኣብ መናፈሻ ናይ መርዓ ስእሊ እናወሰዱ እንከለዉ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ከባቢኦም ዝጻወቱ ዝነበሩ ሰለስተ ቈልዑ ኣብ ማይ ጠሊቑ። ሃንደበት ካብቶም ሰለስተ ቈልዑ ክልተ ጥራሕ ምስ ረኣዩ፡ ብሰንባዱ፡ እንታይ ከም ዘጋጠመ ንምፍታሽ ናብቲ ማይ ገጹ ኣምሪሑ። መርዓዊ ሓደ ቈልዓ ኣብቲ ማይ ረኣየ። እቲ ቈልዓ ሓንበሱ ስለ ዘይክእል፡ ክወጽእ ኢሉ ፈንጠርጠር ብምባል ዓቕሉ ኣጽቢቡ፡ ክጥሕል ከኣ ተቓሪቡ ነበረ። መርዓዊ ክሊዩተን ኩክን ምስ ባድላኡ ናብቲ ማይ ብምእታው ነቲ ቈልዓ ብኢዱ ስሒቡ ኣውጽኦ። እቲ ቈልዓ ካብቲ ማይ ክወጽእ እንከሎ ብኸቢድ ሰንባደ ተዋሒጡ ነበረ። ናይ መርዓ ስእሊ ዝስእል ዝነበረ ሰኣላይ ነቲ መርዓዊ ዘቶደዶ ተወፋይነት ብምስኣል ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምስ ዘርግሖ ካብ ብዙሓት ኣድናቖት ረኺቡ እዩ። ክሊዩተን ኣብ መላእ ዓለም ከም ሓደ ዓብይ ጀግና ተናእደ። ንሱ ነቲ ዝገበሮ ሰናይ ነገር ከም ዓብይ ነገር ኣይሓሰቦን። በቲ ዘቶደዶ ጅግንነት ብኣፍቃሪቱ'ውን ዓቢ ኣድናቖት ረኺቡ እዩ። ብሪታኒ ካብ'ታ ህሞት ኣትሒዛ "ጅግና" እናበለት ክትጽውዖ ጀመረት።

ስለ ስርዓት መርኣም ድማ ህይወት ብምድሓን ሓደ ኣሎም ፈሊሞሞ።





## መደባት ምስራዕ



"ንዝመጽእ እዋን ግቡእ መደብካ ስራሕ፡ ምኽንያቱ እቲ ዝተረፈ ህይወትካ ኣብኡ ስለ እተሕልፎ።"- ማርክ ትወይን

ኣብ ጉዕዞ ህይወት ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ መደባት ንሰርዕ ኢና። እቲ ዝወጸ መደብ ብኸመይ ዓይነት ጥቡብ ኣብ ግብሪ ነውዕሎ ከኣ ወሳኒ እዩ። ዝኸፋ መደብ ናይ ገዛእ ርእሱ ጸቕጢ ኣለዎ።

ንጹር ክትገብር ዘኽእል ዝተጻሕፈ ሸቶ ወይ ዕላማ ምስ ዝህልዎ ግን ብመጠኑ ዝቐለለ ይኸውን። ዕላማታትካ ኣብ ጽሑፍ ብምስፋር ቀጻሊ ናብቲ ትደልዮ ማእዝን ከም ዝሕብሩኻ ምግባር ተመራጺ እዩ። ዕላማታትካ ከም ዝረአ ገይርካ እንተ ዘይኣቐራብኮዮ፡ ኣቃሊልካ ብምርኣይ ካብ ምትግባሮም ክትበኽርን ኣጉዳሲ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ክትዝሕትልን ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ'ዩ። እዚ ዓይነት ኣካይዳ ከኣ ሓደ ካብቶም ንድሕሪት ዝሃቡ ባህርያት እዩ።

ሸቶታት፡ መውዳእታ ውጽኢት ጻማ ረሃጽካ'የም። እቲ ሕቶ ግን እዚ ኣይኮነን። ናበይ ከም ትገዓዝ ኣቓዳምካ እንተ ዘይፈሊጥካ፡ ብኸመይ ኢኻ'ሞ ኣበይ ከም ዝበጻሕካ ክትፈልጥ፧ ዕላማታትካ ብጽሑፍ ምስ ተቐምጦ ግን፡ መዓስ ጀሚርካ፧ ዓላማኻ ንምጭባጥ ክንደይ ግዜ ወሲዱልካ፧ ብኸመይ ኣገባብ በጺሕካዮ፧ ክመልክቱልካ ይኽእሉ። እዚ ምስ ዘይ ትገብር ግን ኣደዳ ጭንቀት ኢኻ ትኸውን።

ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ጭንቀት ዝነበረሎም ዝነበሩ ሰባት፡ ብሕማም ረሰዕ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ካብቶም ቅሱናት ወይ ዘይጭነቑ ሰባት ብልዕሊ ክልተ ዕጽፊ ከም ዝዓቢ ሆላንዳውያን ተመራመርቲ ይገልጹ። ብዘወሰኺ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ ከም ዘረጋግጾ'ውን ዋላ'ቶም ንሓጺር ግዜ ምልክታት ጭንቀት ዘርኣዩ ሰባት ሕማም ረሰዕ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ልዑል ምዃኑ ይሕብር። ጭንቀት መጠኑ ደኣ ይፈላለ እምበር ልሙድ ተርእዮ እዩ። ሊዩቲ ኣብ ዓራት ደቂስካ ብዛዕባ መጻኢ መደባትካ እንተ ተጨነቕካ፡ ኣብ በይንኻ ኣይኮንካን። "ብዛዕባ መጻኢ ምጭናቕ ንቡር እዩ፡ ብመጠኑ እንተዘይከይዱ ድማ ጸቡቕን ሓጋዚን'ዩ" ይብል ዶክተር ቲም ሻርፕ ምኽንያቱ "ብዛዕባ መጻኢ ምሕሳብ፡ ንዝመጽእ መደብ ክንዳለወሉን ክንተግብሮን የኽእለና።" ብምባል ይገልጽ።

እቲ ዘተሓሳስብ፡ ካብ ክውንነታውን ሃናጽን ናብ ዘይንቡር ወይ ዘይጥዑይ ምስ ዝሰጋገር ጥራይ'ዩ። እቲ ጸገም ዝኸሰት፡ ጭንቀትካ ዝተጋነነ እንተኾይኑ፡ ወይ እቲ ኣሉታዊ ጭንቀት ምስ ዝኸውን እዩ። ጸልውኡ ብምርዳእ፡ ኣብ ንጭንቀቶ ግዜ ብቐልጠፍ ካብ'ቲ ዘጨንቐና እንነግልለሉ መንገዲ ሃሰው ምባል የድሊ። መጠኑ ዝሓለወ ጭንቀት ክውንነታዊ ኣረኣእያ እትረኽበሉ መንገድታት ኣሎ። ዘጨንቀካ ዘሎ ነገር ንምፍታሕ ክትሰርሓሉ ምፍታን፡ እቲ ዝበለጸ ምኽኑ ዶክተር ቲም ይሕብር። ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ጉዳያት፡ ወይ ምስ መጻምድትኻ ዘለካ ርክብ ስክፍታ ምስ ዝህልወካ ከምዚ ዓይነት ጸገማት ልሙድ ምዃኑ ኣሚንካ ተቐበሎ።

እቲ ዝቐጽል ስጉምቲ ነቲ ኩነታት ንምእራም ዝከኣለካ ምግባር እዩ። ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ሓገዝ ወይ ምኽሪ ምሕታት፡ ክቢድ ዝበለ ጭንቀት ምስ ዝስምዓካ ግን ናይ ምዝንጋዕ ሜላታት ምልምማድ ኣገዳሲ እዩ። ኣድካሚ ዘይኮነ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። በዚ ኣቢልካ ድማ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ህድኣት ክትረክብ ይከኣል። ኣብ ምንካይ ጸቕጢን ምምሕያሽን ድቃስን ሓጋዚ እዩ። ነዚ ግዜ እዚ ተጠቒምካ ብዛዕባ ጭንቀትካ ኣስተንትን። ጽሓፎ እሞ ነቲ ኩነታት ንምፍታሕን ንምምሕያሽን እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል ክትሓስብ ኢኻ።

መጠኑ ዝሓለፈ ብዛዕባ መጻኢ ምሕሳብ ምጭናቕ ምጅማር ማለት'ዩ። ምጭናቕ እንተ ተጀሚሩ ድማ ሽውሃትካ ይዕጽ'ሞ ናብ ዘይተደለየ ጸገማት ምቕላዕ እዩ። መጠኑ ዝሓለፈ ብዛዕባ መጻኢ ምሕሳብ ኣየድልን'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ህይወትካ ካብ'ታ ብርግጽ እትውንና ሎሚ ዝዓቢ ስለ ዘየለ።

## ጥቕስታት መዛነዩ

- "ከይተለወጥካ ክትማሃርክ ዘይክኣል'ዩ፡ እቶም ሓሳቦም ክቕይሩ ዘይክእሉ ድማ ዝኾነ ነገር ክቕይሩ ኣይክእሉን'የም።" - *ጆርጅ በርናርድ ሻው*
- "ሓንስ ህይወትካ ኣብ ብቑዓት ኣተሓሳስባኻ'ዩ ዝምርኮስ።" - *ማርከስ ኣውሬልየስ*
- "ውጥን ዘይብሉ ሸቶ ትምኒት ጥራይ'ዩ። "- *ኣንቶየን ደ ሴንት ኤክሱፐሪ*
- "ወርሒ ማስከረም ንኽረምቲ ክተረስዖን እትፍትን ወርሒ እያ።" - *በርናርድ ዊሊያም*
- "ክውንነት ኣብ ኣእምሮ ደቂሱ እዩ ዘሎ። ኣብ ካልእ ብፍጹም የልቦን።" - *ጆርጅ ኦርወል*
- "ሕልምኻ ናብ ጋህዲ ትቕይረሉ ዝበለጸ መንገዲ ብምብርባር እዩ።" - *ፖውል ቫለሪ*
- "ኣነ ወጽኢት ኩነታተይ ዘይኮንኩ፡ ወጽኢት ውሳኔታተይ እየ።" - *ስቲቨን ኮቪይ*
- "ንብዓብ ንኣእምሮ ልክዕ ከምቲ ምውሰዋስ ንኣካላት እዩ።" - *ጆሲ ኣዲሰን*
- "ካብ ውድቀት እምበር ካብ ዓወት ኣይንመሃርን ኢና!" - *ብራም ስቶከር*

## ንትኹል

1. ምፍራስ
2. ረሳሕ ማይ
3. ከምኡ ክነሱ ግዳ፡ እንተኾነ ግዳ
4. ተገላገለት፡ ሓረሰት
5. ባህ ክብላ ____ ጽብሓላ ዱባ!
6. ሕብሩ ዝተደወነ
7. ዓለባ እትሰርሕ ሓሸራ
9. ኣለማመደ፡ መሃረ
10. ስራሕ ዝህብ
12. ስለ ምንታይ
13. ኩሉ ግዜ
15. ከም ንትኹል ቁጽሪ 18
17. ድብላቕ፡ ጽንባር
20. ፈርማ
21. ኣብ ዓዲ ዝሰራሕ ምዕብል ዝበለ ገዛ
22. ሃካይ፡ ስራሕ ዘይብሉ፡ ሰነፍ
23. ቤት መስተ
24. ናይ እግሪ ምንቅስቓስ
26. መጸለሚ ጸጉሪ
27. ለጠቕ በል፡ ውርድ በል
28. ሕጓ፡ ጸንሓ፡ ሓጹር
30. ማራኽነት
31. ክውል፡ ሕብእ
32. ቀልጢፉ ዝሓርቕ፡ ህዱእ ዘይኮነ
33. መጥበዊት እንስሳ
35. ዝተበልዐ ዝቕመጠሉ ክፍሊ ሰብነት
38. ጽሉል፡ ዓሻ
40. ፈዛዝ፡ ድንዙዝ
42. _____ ናይ ኣብኣ ሓዛ
44. መልሲ ዝደለ
45. ንበጊዕ ኪድ ንምባል እንጥቀመሉ ቃል

## ንጋድም

1. ባእሲ፡ ግጭት
4. ንሳቶም ወልፊሶ፡ ንሳተን

_____

8. ብዘይ ጭቃ (ስሚንቶ) ንግዚኡ ዝስራሕ መንደቕ
9. ብሳሬት ዝስራሕ መርበብ
11. ኣጥሪ፡ ይሃልኻ
13. ዘርኢ (ውሉድ) ረኸበ፡ ሓድጊ ገደፈ
14. እኽሊ ምዝራእ፡ ገረብ ____
16. ሰቕ
17. ናይ ምሕታም ስራሕ
18. ጨንጓዒት ደምና
19. ንኹሉ ግዜ፡ ንዘልኣለም
22. ሰፈር
23. ሽዕርያ ማይ ስጋ
25. ንጸብሐ ዝኸውን ቅብኣ
27. ካብ ካልእ ቋንቋ ዝተገልበጠ
29. ንዛዘ
31. ውድቀት፡ ፍሽለት
33. ካብ ከበሳ ዝትሕት
34. ኣብ ኣውቶቡስ ምስ ከፈልና ዝወሃበና ወረቐት
36. ስም ጓል ኣንስተይቲ
37. ጸሊም ዝስተ ፈሳሲ
39. ጸልማት ዘይኮነ
41. ናይ ወርቂ መዐቀኒ
43. ብዝሒ ዘይብሉ
46. ካብ ዛዕዛዕ ¾
47. ድልድል
48. ንተማሃሮ ዝኣሊ

## ሕቶ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | 2 | 3 | | ■ | 4 | 5 | 6 | 7 | ■ | ■ |
| | ■ | 8 | | ■ | 9 | | | | | 10 | ■ |
| 11 | 12 | | ■ | 13 | | | ■ | 14 | | | 15 |
| 16 | | ■ | 17 | | | | ■ | ■ | ■ | 18 | |
| ■ | 19 | | | | ■ | ■ | 20 | ■ | 21 | ■ | ■ |
| 22 | | ■ | | ■ | 23 | 24 | | | | | ■ |
| 25 | | 26 | ■ | 27 | | | | ■ | | ■ | 28 |
| | ■ | 29 | 30 | | ■ | | ■ | 31 | | 32 | |
| ■ | 33 | | | | ■ | 34 | 35 | | ■ | 36 | |
| 37 | | ■ | | ■ | 38 | ■ | 39 | | 40 | | ■ |
| ■ | 41 | 42 | | ■ | 43 | 44 | | ■ | | ■ | 45 |
| 46 | | | ■ | 47 | | | ■ | 48 | | | |

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ሓበን ሃገር - ስኒት ሃብቱኣብ

ኤርትራዊት ሰኒት ሃብተኣብ ተወልደመድህን፡ ኣብ ውድድር "ወይዘሪት ዓለም" (Miss World) ምስተን ቀዳሞት ሸዱሽተ ብሉጻት ተወዳደርቲ ተረቍሓ፡፡

ሰኒት ሃብተኣብ፡ ንኤርትራ ወኪላ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ዓለምለኸ ውድድር "ወይዘሪት ዓለም" እተሳተፈት ዜጋ ኮይና፡ ኣብቲ ብቐዳም 5 መስከረም 2026 ኣብ ንዛ ትራንግ፡ ቬትናም፡ ዝተኻየደ ናይ መጨረሽታ መድረኽ፡ ሰኒት ኣስታት 14 ሚልዮን ድምጺ ህዝቢ ብምርካብ፡ ድሙቕ ዓወት ኣመዝጊባ፡ ሽልማት ምርጫ ህዝቢ (People's Choice Award) ተሸሊማ፡፡

ኣብዚ ናይ መወዳእታ መድረኽ ንኤርትራ፡ ሪፑብሊክ ደሞክራ፡ ቬትናም፡ ማለዥያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ሰሜንን ዝወከላ ተወዳደርቲ ቀሪበን፡፡

ሰኒት ሃብተኣብ፡ ካብ ቀዳማይ ዙርያ ናይቲ ውድድር ጀሚራ ድሙቕ ዓወታት እናመዝገበት እያ ኣብዚ ናይ መወዳእታ መድረኽ በጺሓ፡ ፈለማ ካብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብዝለዓለ ድምጺ ቀዳመይቲ ብምዃን ናብ ብሉጻት 40 ሓሊፋ፡፡ ድሕሪኡ ኣብ ዝቐጸለ መድረኽ ድማ፡ ብልዕሊ 13.9 ሚልዮን ድምጺ ህዝቢ (People's Choice) ተደጊፋ፡ ምስተን ሸዱሽተ ብሉጻት ናብ መወዳእታ መድረኽ በጺሓ፡፡

ሰኒት ነቲ ዝረኸበቶ ልዑል ደገፍ ህዝቢ፡ "እቲ ድምጺ ቀጻሪ ጥራይ ኣይኮነን፡ ናብ ሓንቲ ዳውን ሲንድሮም ሓፍታ እትኣሊ ሰብ ዝተላእከ ናይ ፍቕሪ ደብዳቤታት እዩ" ኢላ ብምግላጽ፡ ንደገፍታ "እቲ ዓወት ናይ ኩልና እዩ" ኢላቶም፡፡

ኣቐዲማ ወይዘሪት ኣፍሪቃ 2023 ኮይና ዝተዓወተት ሰኒት ሃብተኣብ፡ ብጋዜጣታት ኤርትራ ዲዛይን ዝተኻ ክዳን ተኸዲና ኣብዚ ውድድር ዝተሳተፈትሉ ምኽንያት፡ "ንታሪኽና ባህልና ክንገልጾ ኢና እንደሊ" ብዝብል ዕላማ ምዃኑ፡ ሓቢራ ነይራ'ያ፡፡

"ውድድር ወይዘሪት ዓለም 2026" ብብዙሓት ኣህጉራውያን ማዕከናት ዜናን ማሕበራዊ ሚድያን ሰፊሕ ሽፋን ዝረኸበ እዩ ነይሩ፡፡ ኤርትራውያን ከኣ ሰኒት ሃብተኣብ ዝለዓለ ደገፍ ህዝቢ ረኺባ ንኽትዕወት ዝለዓለ ድምጻዊ ብምሃብን ሓያል ጎስጓስ ብምክያድን ስም ሃገሮም ንምጽዋዕ ከም ወትሩ ዘለዎን ስራሕ ሰሪሖም፡፡ ንሳውን ንኤርትራ ምስ ዓለም ንምፍላጥን ባህላ ንምንጽብራቕን ዝተበገሰትሉ ዕላማኣ ብርግጽ ተግኒጺፋቶ'ያ፡፡

178 ሰ.ሜ ዝቕመታ ሰኒት፡ ካብ ጆርጅ ሜሶን ዩኒቨርሲቲ ብዓውዲ ኒዩሮ-ሳይንስ ቀዳማይ ዲግሪ ዝተረት፡ ልዑል ብስለትን ተፈጥሮኣዊ ጽባቐን እተዓደለት ዜጋ እያ፡፡ ናብ ውድድር ወይዘሪት ዓለም ሒዛቶ ዝቐረበት ቴማ ከኣ "ጽባቐ ምስ ዕላማ" 'Beauty With a Purpose' ዝብል እዩ፡፡

ድሕሪቲ ዝተኻየደ ሓያል ውድድር፡ ጓል ዶሚኒካን ሪፓብሊክ ጆሄሪ ሞላ ዶሚንገዝ "ወይዘሪት ዓለም 2026" ኮይና ኣኽሊል ደፊኣ፡፡ ንጽኛን ማለዥያን ዝወከላ ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዘን፡፡



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቅድድም ብሽክለታ ንዝኽሪ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተኻይዱ

ዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ "ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓደሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ቴማ ዝቖደድ ዘሎ ስፖርታዊ ንጥፈታት፡ ብሰንበት 6 መስከረም ናይ ሓደ መዓልቲ ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ከባቢ ኢንሽራንስ ተሰላሰለ።

62 ኪሎሜትር ካብ ዝሸፈኑ ተቐዳደምቲ ዩዝ (ኮተቴ)፡ ተመስገን ብርሃ ካብ ጸንዓት ቀዳማይ ብምእታው ታሪኻዊት ዋንጫ ዓቲሩ። ሙሴ ሚካኤል - ትጸቢት ከምኡ'ውን ኢሰርም ክብርኣብ ካብ ኣደማስ ተሸለምቲ ብሩርን ኑሓስን መዳልያታት ኮይኖም። ናታን ሳምሶም - ደንደን፡ እሰይ ወልደሩፋኤል - ትጸቢት፡ ሰዶን ከሰተ - ኣደማስ ድማ ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

ኣብ ተቐዳደምቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብል ደንደን - ሮምና ገሰሽ ንዝተመደበ 75 ኪሎሜትር ኣብ ሰዓት ብዝምጋም



37.2 ኪሎሜትር እናረኸበት ኣብ መዛዘሚ ንተቐዳደምቲ ዓራግ ብርኽቲ ፍስሃየ ብጸቢብ ሰዓራ፤ ተዓዊታ ወርቃዊ እየብልዩ ምምስራት ቤት/ት ሰውራ ኮይና። ሃና ኣየለ ናይ ደንደን ኑሓስ መዳልያታ ኣንጠልጢላ።

ኣርሴማ ዓንደጼን - ዓራግ፡ ሰላና ፍስሃየ - ደቡብ፡ ራሄል ዑቕባይ - ዓራግ ክሳብ ሻዱሻይ ዝሎ ደረጃ ሐዚኖም።

ዓብዩቲን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ተባዕትዮ 118 ኪሎሜትር ተሰሪዑሎም። ተቐዳዳማይ ሰምበል - ናኣድ በረኸት፡ ኣብ ሰዓት ብዝምጋም 44.9 ኪሎሜትር እናተጓዕዘ ዕወት እዚ ናይ ዝኽሪ ውድድር ኮይኑ። ንፍታሌም ኤፍሬም - ደንደን ከምኡ'ውን ሄርሞን ኢሳቕ - ኤሪተል ተሸለምቲ ብሩርን ኑሓስን መዳልያታት ኮይኖም።

ሮቤል ሃብተማርያምን ነብዩ ፍስሃየን ካብ ጋንታ ደቡብ፡ ኤፍሬም ዘርኢጋብር ካብ ደንደን፡ ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

ዕወታት ናይ ገዝአቡ ዋንጫን መዳልያን ሸልማቶም፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ዝዓበዩ ዝተፈላለዩ ኣጋይሽ ተዓዲሎም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ንዝኽሪ ናይዚ ዕለት ኣብ ሜዳ ቦቐሪላ ኣብ ዝቖደድ ዘሎ ጸወታ ኩዕሶ ሰከይቲ'ውን፡ ብደቂ ኣንስትዮ ግሁተብ ንዓራግ 21-ብ10፡ ግልዕ ንጀልሃንቲ 35-ብ33 ክዕወታ እንከለዋ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ሳትሪብ ንጸዓት 59-ብ52 ፡ ቀብርወኣት ንዜሮ 62-ብ49 ሰዒረንኦን።

መዓልታዊ ካብ 7:00 ቅ.ቀ ክሳብ 11:00 ቅ.ቐ ኣብ ሜዳ ቦቐሪላ ዝሰላሰል ዘሎ እዚ ውድድር፡ ክሳብ 14 መስከረም ክቕጽል ምኻኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ።

## ማእከል - ውድድር ኩዕሶ መርበብ ይቕጽል

ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝቖደድ ዘሎ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ቀጺሉ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዜሮ ንዊና፡ ሳሊና ሳትሪብ ብተመሳሳሊ 2-ብ0፡ ዓገት ንጀልሃንቲ ብጸቢብ 2-ብ1፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ዓራርብ ንዓራግ፡ ደንደን ንጉዳይም፡ ማሕታ ንኣልጌን ብተመሳሳሊ 2-ብ0 ሰዒረንኦን።

እዚ ውድድር ንሓደ ሰሙን ዕለታዊ ኣብ ሜዳ ቦቺዮፊላ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ክቖደድ እዩ።

## ስፖርታዊ ውድድር ሓይሊ ኣየር . . .

ወሻጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ብጸርበን ቀዳምን ብጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ቸዝን ጨምተ ተኸሲን ኣብ መዓስከር ሓይሊ ኣየርን ቁሸትን ተኻይዱ ነይሩ።

ዓርቢ ኣብ ዝተኻየደ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሕድሪ ኣርባዕተ ሽቶታት ካብ ኣርያም ኣርን ሓንቲ ከኣ ካብ ፍርቱና ብርሃ ረኺባ፡ ንፈንቅል ብበፈሕ 5-ብ0 ሰዒራታ። ኣርያም፡ ሱፐር ሃትሪክ ሰሪሓ።

ኣብ ውድድር ቸዝ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሕድሪ ንጸንዓት፡ ሮቤት ንፈንቅል፡ መሰረት ንጸንዓት፡ ዊና ንሓለቡት፣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ጹሓይ በርቂ ንሮቤት፡ ዊና ንጸንዓት፡ ፈንቅል ንሓለቡት፡ ሕድሪ ንመሰረት ብተመሳሳሊ 3-ብ0 ሰዒረንኦን።

ቀዳም ኣብ ዝበረ ውድድር ቸዝ፡ ብወገን ደቂ ኣንስትዮ፡ ዊና ንፈንቅል፡ ሮቤት ንሓለቡት፡ ሕድሪ ንጸንዓት፡ መሰረት ንጹሓይ በርቂ፤ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ጸንዓት ንሮቤት፡ ዊና ንጹሓይ በርቂ፡ መሰረት ንሓለቡት ብተመሳሳሊ 3-ብ0 ሰዒረንኦን።



ብዘይካዚ፡ ኣብቲ ዕለት ውድድር ጨምተ ተኸሲ ኣብ ቁሸት ተኻይዱ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ 100 ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ፡ ትምኒት ሃብቶም ካብ ሮቤት ብ27 ነጥቢ፡ ሚርያም ኣማኑኤል ካብ ጸንዓት ብ25 ነጥቢ፡ ካድራ መሓመድ ካብ መሰረት ብ24 ነጥቢ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወዲኦን።

ኣብ 200 ሜትሮ፡ ኤለም ደበሳይ - ጹሓይ በርቂ 30 ነጥቢ፡ ቅሳነት ተስፋገርግሽ - መሰረት 28 ነጥቢ፡ ሰሊያና ሃይለ - ሮቤት 27 ነጥቢ፣ ኣብ 300 ሜትሮ፡ ፊዮሪ ግደ - ጹሓይ በርቂ 27 ነጥቢ፡ ፍረሰላም ሙሴ - ፈንቅል 26 ነጥቢ፡ ሳሮን ጉብረገርግሽ - ዊና 17 ነጥቢ ተመሳሳሊ ደረጃ ሐዚኖ።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ 100 ሜትሮ፡ ሰረክ ሃብቶም - ፈንቅል 29 ነጥቢ፡ ክፍላይ ደብረጸዮን - ጹሓይ በርቂ 28 ነጥቢ፡ ናትናኤል ንገሰ - ሓለቡት 27 ነጥቢ፣ ኣብ 200 ሜትሮ፡ ሳሙኤል ተኽለ - ጹሓይ በርቂ 29 ነጥቢ፡ ናህም ብርሃ - ሕድሪ 28 ነጥቢ፡ መሰረት ሺሻይ - ዊና 21 ነጥቢ፣ ኣብ 300 ሜትሮ፡ ማእከለ ተስፋማርያም - ሓለቡት 28 ነጥቢ፡ ሰረክ ብርሃ - ፈንቅል 27 ነጥቢ፡ ሄኖክ ዓንደሚካኤል - መሰረት ብ26 ነጥቢ ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ኮይኖም።

## ከረን - ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ይካየድ ኣሎ

ብምኽንያት ዝኽሪ ምምስራት 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣብ መንነ ሽሞንተ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮን ሽዱሽተ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮን ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ኣብ ከተማ ከረን ይሰላሰል ኣሎ።

ቀዳም ቅድሚ ቀትሪ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ምምሕዳራት ከባቢ 01ን 02ን ገጢመን። ኣብ ካልኣይ እብረ ምምሕዳር ከባቢ 01 ካብ ኣብጋይል ተስፋማርያም፡ ምም/ከባቢ 02 ድማ ተጻዋቲት መጋጥምታ ናብ ገዛእ ልዳታ ብዘመዝገበታ ሽቶ፡ 1-ብ1 ተፈላልየን። ናብ ፍጹም ቅላዕ ድሕሪ ምምርሐን ከኣ፡ ምምሕዳር ከባቢ 01 - 5-ብ4 ተዓዊታ ፍርቂ ፍጻመ ረጊጻ።

ጸወታ ምምሕዳር ከባቢ 06 ኣንጻር 03፡ ብበፈሕ ዓወት ምምሕዳር ከባቢ 03 – 6-ብ0 ተዛዚሙ። እዛ ጋንታ ሰለስተ ካብ ኣፍራሕ ያሲን፡ ሓሓንቲ ድማ ካብ መዋህብ፡ ሻማን ፈሽንን ኣመዝጊበ።

ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታታት ደቂ ተባዕትዮ፡ ዳርሰላምን ገዛ ጥኑናን ገጢመን። ዳርሰላም፡ ብመገዲ ዛዚ ርሞናን፡ ገዛ ጥኑና ድማ ዕረፍቲ ኣብ ምእካሉ ካብ ናኣድ ተመስገን ሽቶ ኣመዝጊባ ተመዓራርየን ወዲኦን። ገዛ ጥኑና ድማ ብፍጹም ቅላዕ 6-ብ4 ሰዒራ ናብ ፍጻመ በጺሓ።

ቀጺለን ኢትዓብርን ኣልነጅምን ተራኺበን። ኣብቲ ብኽልተአን ጋንታታት ሚዛናዊ ምንቅስቓስ ዝተራእየሉ ጸወታ፡ ካብ ኣማኑኤል ርቤልን ሽቶታት ዝረኸበት ኢትዓብር፡ ሓንቲ ሽቶ ካብ የሲፍ የናስ ንዝረኸበት ኣልነጅም ንዕረፍቲ 2-ብ1 መራሒታ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ ዓብላሊት ኮይና ዝተመልሰት ኢትዓብር፡ ካብ ፋይድ እድሪስ ክልተ ሽቶታት ወሲኻ፡ ካብ ተስፋጋብር ንኣምን ሓንቲ ሽቶ ንዘወሰኸት ኣልነጅም 4-ብ2 ሰዒራታ። ኣብ ፍጻመ ድማ ምስ ገዛ ጥኑና ክትጻወት እያ።

## ሮናልዶን መሲን ብሓባር ክጻወቱ . . .

ካብቶም ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ዝኾኑ ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ሊዮኔል መሲን ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ሓንቲ ጋንታ ሓቢሮም ክጻወቱ ትጽቢት ከምዘሎ ተገሊጹ።

እዚ ዝበሃል ዘሎ፡ ኣብታ ወርሒ ካብ ኩዕሶ እግሪ ናይ መፋነዊ ጸወታ ክካየድ መደብ ዘሎ ናይ ቅድም ወዲ ጋንታኦም - ካርሎስ ተቨዝ ዝዓም ብርቂ ተጻወትቲ ክጸምበርዎ ዓደምዎም ብምህላዉ እዩ። "ንሮናልዶ መን ከእምነልካ እዩ" ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ብውልቀይ ከይደ ከምጽኦ እየ።" ዝበለ ተቨዝ፡ "ኣብ ሓንቲ ጋንታ ክንጉብርም ኢና።" ክብል ድማ ኣንጻር ከምዝዩቶ ገሊጹ።

ተቨዝ ኣብ ማን ዩናይትድ ንሰለስተ ዓመታት ወዲ ጋንታኡ ንሮናልዶ ምንባሩ ይዝከር፡ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ከኣ ምስ መሲ ንዊሕ ዓመታት ብሓባር ተጻዊቶም እዮም።

ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ቦካ ጁንየርስ ናይ ጸወታ ግዜኡ ዝወድአ ተቨዝ ብወግዒ ግና ኣይተፋነወን። ኣብዚ መዲብዎ ዘሎ ናይ መፋነዊ ጸወታ ድማ ሮናልዶን መሲን ፈለማ ብሓባር ኣብ ሓንቲ ጋንታ ክጻወቱ ከኸእሎም ትጽቢት ኣሎ።

ኣብቲ መድብ ሓለውቲ ልዳት በፎንን ሻን ደር ሳርን ከምኡ'ውን ፈርዲናንድ፡ ቪዲች፡ ቸሊኒ፡ ቡኣቼ፡ ኤቭራ፡ ፒርሎ፡ ስኮለስ፡ ሬናልመን ሩኒን ዝርከቡዎም ኣስታት 60 ብሉጻት ተጻወትቲ ክሳተፉ ትጽቢት ኣሎ።



### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ቻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ**

**(ቀዳማይ ናይ ምድብ ጸወታ)**

ክሉብ ብሩጋ - ኣስቶን ቪላ 7:45 ድ.ቀ
ፖርቶ - ማን ሲቲ 10:00 ድ.ቀ
ሪያል ማድሪድ - ኢንተር ሚላን 10:00 ድ.ቀ
ዶርቱሞንድ - ቪያሪያል 10:00 ድ.ቀ
ሊል - ሪያል በቲስ 10:00 ድ.ቀ

## ኣብ ሐደ ጸወታ ክልተ ሽቶታት ዘመዝገበ ሐላዊ ልዳት

ሓላዊ ልዳት ሆላንዳዊት ክሉብ ተልስታር - ሮናልድ ኮማን ጁንየር፡ ሰንበት ምሸት ጋንታኡ ምስ ኣያክስ 2-ብ2 ኣብ ዝተፈላለየትሉ ጸወታ፡ ንክልተኣን ሽቶታት ብምቁጻር ታሪኽ ሰሪሑ።









ተልስታር፡ 2-ብ0 ኣብ ዝተመርሓትሉ ጸወታ፡ እዚ ሓላዊ ልዳት፡ ኣብ መበል 63ን መበል 101ን (90 ምስ ተወሳኺ 11 ደቓይቕ) እዩ ክልተ ፍጹም ቅላዓት ብምምዝጋብ ነጥቢ ተማቒላ ክትወጽእ ኣኽኢሉዋ።

በዚ ድማ ኣብ ሓደ ጸወታ ክልተ ሽቶታት ዘመዝገበ ናይ ፈለማ ሓላዊ ልዳት ኮይኑ - ኣብ ኤረዲቪዥን ሆላንድ።

እዚ ወዲ 31 ዓመት ሓላዊ ልዳት፡ ወዱ ንናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ - ሮናልድ ኮማን እዩ።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ልኡኽ ኣመሪካ ምስ ፕረዚደንት ዩክሬን ዝርርብ ኣካዪዱ

ፍሉያት ልኡኻት ኣመሪካ ጃሬድ ኩሽነርን ስቲቭ ዊትኮፍን ምስ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ኣብ ጉዳይ ኩናት ሩስያን ዩክሬንን ኣመልኪቶም ዝርርብ ከም ዘካየዱ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ገሊጹ።

እዞም ልኡኻት፡ ኩናት ሩስያ-ዩክሬን ኣብ ለካቲት 2022 ካብ ዝጀመረ ንፈለማ እዋን ናብ ርእሰ ከተማ ዩክሬን - ኪየቭ ምብጻሕ ከም ዘካየዱ እቲ መርበብ ወሲኹ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ "እቶም ልኡኻት ናብዚ ምምጽኦም ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ንክልቲኦም ከነጸብዮም ኢና ጸኒሕና። ፕረዚደንት ኣመሪካ - ዶናልድ ትራምፕ ከኣ ኣብ መንጎ ኩናት ክሰዶም ብምኽኣሉ ክምስገን ዝግብኦ እዩ" ክብል ገሊጹ።

ዊትኮፍ ብወገኑ ድሕሪ'ቲ ርክብ፡ "ኣዝዩ ትርጉም ዘለዎን ኣገዳስን ዝርርብ ኢና ኣካዪድና። ኣብ ዝመጽእ ግዜ ክንቅጽሎ'ውን ድሉዋት ኢና ዘለና" ኢሉ።

ኩሽነር ድማ ጉጅለ ልኡኽ ኣመሪካ ካብቲ ዑደት ብዙሕ ከም እተማህረ ገሊጹ።

ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ጸጥታን ተዛተይትን ዩክሬን'ውን ኣብቲ ርክብ ተረኺቦም ምንባሮም ተገሊጹ።

ብተወሳኺ ኣብቲ ዝርርብ ሰላም፡ ኣማኸርቲ ሃገራዊ ድሕንነት እንግሊዝ፡ ፈረንሳን ጀርመንን ተሳቲፎም ምንባሮም ሰበ መዚ ዩክሬን ገሊጾም።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ "ሎሚ ኤውሮጳውያን ምሳና ብምህላዎም ሕጉሳት ኢና። ኩላትና ኣብ ሓደ ወገን ኢና ዘለና" ኢሉ።



እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ፡ ሩስያ ኣብ ሓደ ለይቲ 108 ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ሚሳይላትን ተጠቒማ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ሓይሊ ኣየር ዩክሬን ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ብወገኑ 400 ድሮናት ዩክሬን ከም ዘርዓነ ሓቢሩ።

## ባንግላደሽ - ለበዳ ሕማም ደንጊ ብኢሱ



ኣብ ባንግላደሽ ለበዳ ደንጊ እናበርትዐ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ቁጽሪ ናይቶም ኣብዚ ዓመት ዝተለኽፉ ሰባት 42,590 በጺሑ ከም ዘሎን ገና ብዙሓት ሰባት ኣብ ሆስፒታል ተዓቝቦም ከም ዘለዉን ሰበ መዚ ጥዕና ናይታ ሃገር ገሊጾም።

እቲ ብጣንጡ ዝመሓላለፍ ሕማም ኣብዚ ወርሒ ከይዉሰኽ ተሰጊኦ ከም ዘሎ'ውን እቶም ሰበ መዚ ወሲኾም ሓቢሮም።

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ መዓልታት ጥራይ ብውሕዱ ኣርባዕተ ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 1,500 ሰባት ድማ ኣብ ሆስፒታል ከም ዝተዓቝቡ እዩ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር ዘረድኤ።

ደንጊ ረስንን ከቢድ ሕማም ርእስን ካብኡ ሓሊፉ'ውን ሞት ከስዕብ ዝኽእል ሕማም ምዃኑ እዩ ዝግለጽ።

ናይ ሎሚ ዓመት ተርእዮ ሕማም ደንጊ ኣብ ባንግላደሽ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ 2023 ዘጋጠመ ቀታሊ ለበዳ ካልኣይ ዝለዓለ ኮይኑ ተመዝጊቡ ከም ዘሎ እዩ ጸብጻብ ናይታ ሃገር ዘመልክት።

ክኢላታት ጥዕና ናይታ ሃገር፡ ኣብዚ ወርሒ ካብ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ዝለዓለ ቁጽሪ መልከፍቲ ክርአ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቖም።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ጃሃንጊርናጋር ክኢላ ጥዕና ዝኾነ ፕሮፌሰር ካቢሩል ባሻር፡ ጠሊ ዝመልኦ ኩነታት ኣየር እንተ ቀጺሉ፡ ኣስታት 30 ሽሕ ሰባት በቲ ሕማም ክልከፉ ከም ዝኽእሉ ኣተሓሳሲቡ።

መንግስቲ ባንግላደሽ እቲ ለበዳ እናገደደ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ንምክልኻሉ ስጉምትታት ይወስድ ከም ዘሎ እዩ ዝገልጽ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ናይታ ሃገር - ታሪክ ራህማን፡ ህዝቢ መራሒቢ ጣንጡ ክደፍንን ሓፈሻዊ ናይ ጽሬት ወፈራታት ክቶዩድን ትእዛዝ ከም ዘመሓላለፈ ተሓቢሩ።

## ሊባኖስ፡ ብመጥቃዕቲ እስራኤል 11 ሰባት ሞይቶም

እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ መጥቃዕቲ ድሮን ድሕሪ ምክያዳ፡ ክልተ ህጻናትን ክልተ ሓካይምን ዝርከብዎም ብውሑዱ 11 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ማዕከናት ዜና ሊባኖስ ሓቢረን።

ሰራዊት እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ኣብ እትርከብ ከተማ ደይር ኣል-ዛህራኒ፡ ነበርቲ ክወጹ ትእዛዝ ድሕሪ ምምሕልላፋ፡ ኣብ ጥቓ መሳለጥያ ህዝቦላህ ዝርከብ ህንጻ ዒላማ ድሕሪ ምግባሩ፡ ካልእ ህንጻ ከም ዘፍረሰ ሓቢሩ።



እስራኤል ካብ ዓዲታት ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ሰራዊታ ምስሓብ ብምእባዩ፡ ሊባኖስን እስራኤልን ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ስምምዕ ሰላም ክበጽሓ ከም ዘይከኣላ እዩ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ዘረድኤ።

እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ኣብ መጋቢት ናይዚ ዓመት መጥቃዕቲ ካብ ትጀምር ንደሓር፡ ልዕሊ 4,350 ሰባት ክቕተሉ ከለዉ ልዕሊ 12,300 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ እዩ ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ ዝገልጾ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰነ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሊባኖስን ብመንጎኝነት ኣመሪካ ስምምዕ ሰላም እኳ እንተ ተገብረ፡ ኩናት ክልቲአን ሃገራት ግና ይቕጽል ከም ዘሎ እዩ ምስተን ሃገራት ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዘረድኡ።

## ኢራን ንኣመሪካ ተጠንቀቐ

ኢራን፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ንብረታ ዝኾነ ሓድሽ መጥቃዕቲ ምስ እትፍጽም ሕነ ክትፈዲ ምዃና ትማሊ ሰኑይ ኣፍሊጣ።

ኣፈኛ ባይቶ ኢራን - መሓመድ ባቐር ቃሊባፍ፡ ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ኣብ ልዕሊ መራኽብ ኢራን መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻማ፡ "ሕጂ ኣብ ልዕሊ ንብረትና ዝኾነ መጥቃዕቲ እንተ ፈጺምኩም፡ ዕጽፊ መልሰ ግብሪ ክንህብ ኢና፡" ክብል ኣጠንቂቑ።



ዝሓለፈ ሰንበት ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ጸጥታ ኢራን ሞህሰን ረዛይ፡ ኢራን ኣብ ዝቐጸሉ መዓልታት ኣብ ወሽመጥ ዓረብ 'ሓድሽ ዝተገደበ ዞባ' ንምህናጽ መደብ ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ብመጻብቦ ሆርሙዝ መራኽብ ዝሓልፋሉ ሓድሽ ካርታ ክተጽድቕ ምዃና ገሊጹ።

ረዛይ ቀጺሉ፡ "ዝኾነት መርከብ ናብቲ ሓድሽ ዝተኣገደ ዞባ ምስ እትኣቱ ኣብ ዝርዝር እገዳ ኢራን ክትኣቱ እያ። መጻብቦ ሆርሙዝ ክፉት ዝኾነ፡ ኣመሪካውያን ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝፍጽምዎ መጥቃዕቲ ደው ምስ ዘበልዎ ጥራይ እዩ" ኢሉ።

## ኣመሪካ፡ ብሓደጋ ነፋሪት ሓሙሽተ ሰባት ሞይቶም

ኣብ ጥቓ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ሚያሚ - ግዝኣት ፍሎሪዳ፡ ሓንቲ ናይ ጽዕነት ነፋሪት ወዲቓ ድሕሪ ምሕምሻሻ፡ ሓሙሽተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ሓያሎ ሰባት ድማ ቈሲሎም ከም ዘለዉ ሰበ መዚ ናይቲ መዕርፎ ነፈርቲ ገሊጾም።

ጸሓፊ መጎዓዝያ ኣመሪካ - ሾን ዳፊ፡ እታ ቦይንግ 767 ዓይነት ነፋሪት ኣብ ውሽጢ እቲ መዕርፎ ነፈርቲ ካብ መሬት ብዙሕ ከይበለት ሓደጋ ምውዳቕ ከም ዘጋጠማ ገሊጹ።

ንሱ ቀጺሉ፡ ኣሃዱታት መጥፋእቲ ሓዊ ነቲ ብሰንኪ እቲ ሓደጋ ዘጋጠመ ባርዕ ኣብ ምጥፋእን ቁሱላት ኣብ ምእላይን ከም እተሓጋገዙ ሓቢሩ።

ሾን ዳፊ፡ ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ብልክዕ እንታይ ምዃኑ ክሳብ ሕጂ ከም ዘይተፈልጠ፡ ሰበ መዚ ናይቲ መዕርፎ ነፈርቲ ነቲ ጠንቂ ንምፍላጥ ይሰርሑ ከም ዘለዉን ኣረዲኡ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኤደን | 08/09/2026 | ከባቢ ዩኒቨርስቲ ጥቓ ባር ሊድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services